# ተገሪህና፡ ኣታሊሎምና፡ ተዓሺና.....እቲ ምዕሻውን ምግራህን ከይተፈለጠና ንርዕሞ ድኣ ከይንህሉ -ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት

መኮነን ዓንተራይ ( Mekonen Anteray)
Aug 10, 2015

(መተሓሳሰቢ-እዚ ኣብ ሞንጎ'ዚ ጽሑፍ ኣትዩ ዘሎ ንሰውራዊ ታሪኽና ዘንጸባርቕ ስእልታት ባዕለይ ከምዝሰኸዕክዎ ክሕብረኩም ይፈቱ። ብርሃነ ሃብተማርያም)




ንዛ ጽሕፍቲ ንሓንቲ ጀሚረያ ዝጸናሕኩ ኣቋሪጸ ኢየ ዝጽሕፉ ዘለኹ። መቸም ግዜ ረኺብካ ኣብ እንተርነት እንተ ኣቲኻ ብዙሕ ኢኻ ትርኢን፡ ተንብብን ትሰምዕን። እታ ኣቐዲመ ኣቓልቦይ ዝሰሓበት ስእሊ ሓደ ኣብ ርእሱን ኣብ ሰለፉን ዝተሃርመ ተጋዳላይ ብሓደ ተጋዳላይ ተሓዚሉ ተርኢ ኢያ። እታ ስእሊ መጀመርያ ኣብ ፈይስቡክ ኢየ ረኺበያ። ተኻፊለ ኣብናተይ ኣምጺኤ ዝመስለኒን ዝስመዓንን መግለጺ ክገብረላ ሓሲብን ጀሚረዮን። ከይተረደኣኒ ብዙሕ፡ ዳርጋ 14 ገጽ ምስጸሓፍኩ፡ ተመሳሳሊት ስእሊ ኣብ መስከረም ተለጢፋ። ገናድማ ገዛኢ ቦታ ሒዛ ኣላ።

ምስጋና ነቶም ጀጋንኣምን ስውኣቶምን ዘኽብሩ ዘጋታት እዛ ሃገር። ገና ብዛዕባኣ እንዳጻሓፍኩን ከይወዳእክዋን ግን ካልእ ዝያዳ ንኣቓልቦይ ዝስሕብን እዋናውን ዝደጋገም ዘሎን ሰለዝረኣኹ፡ ነታ ዝጀመርክዋ ንግዜኡ ኣወንዚፈ፡ ነዚኣ ክጽሕፍ ተበጊሰ። ቁሩብ ብዝሕ ሰለዝበለኒ ግን መታን ክጥዕመኒ ክከፋፍሎ መሪጸ። ክትከታተሉኒ ተስፋ እገብር።

ኣይትሓዙለይ ዝሓለፈ ከዘክረኩም ክፍትነ'የ። ገለ ከኣ ዳርጋ ዝረሳዕክምዎ ወይ ድንግርግር ዝብለኩም ስለዘሎ። ኣቱም ሰባት ኣስተውዕሉ'ሞ፡ ከም'ቶም ጸልእትና ክቀብእዎ ዝደልዩ ዘለዉ "ዝበለየ ወይ ዝኣረገ ተዝክሮታት ወይ ታሪኽ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ"፡ ወይ ናይ ጥንቲ ኣፈ-ታሪኽ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ፡ ወይ ዝተማህዘን ዝተሰነዐን ናይ ፈጠራ ታርኽ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ።

እቲ 24 ዓመታት እገብር ኣብ ቅድሚ ዓይንና ዝተፈጸመ፡ ጸልማት ዝቖንጠጠን፡ ተዘክሮታት ወይ ታሪኽ ብዛዕባ'ቲ ነቲ ጸልማት ንምቕንጣጥ 30 ዓመታት ኣብ በረኻታት ኤርትራ ከርተት ኢሉ ዝተብጀወን፡ ንገዝኡ ወይ ንቤቱ ዘይተመልሰን፡ እንኮላይ እቲ ልኡላውነት ሃገር ንምውሓሰን ንምኽባርን ዝሰዓበን፡ ገና ኩሉ ዓይነት ሽግራት ተጻዊሩ ጸኒዑ ዝስዕብ ዘሎን ታሪኽን ተዘክሮታትን'የ ዝብል ዘለኹ። ኩሉ ተደሚሩ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ ልዕሊ 50 ዓመታት ዝተፈጸመ፡ ታሪኽ ጅንዓትን ሓበንን ኢየ ዝብል ዘለኹ።

ብመንጽር ዕድመ ክግልጽ ከሎ፡ ገሊኣትና ኣብ ክሊ እዚ ዕድመ ስለዘሎና ውሽጢ-ውሻጠኡ'ኳ እንተዘይበልና ላዕሊ-ላዕሉ ወይ እኹል ኣፍልጦ ክህልወና ይኽእል ይኸውን። ንገሊኣቶም ኣቦታት ድማ መለጋገቢ ካብ'ቲ ቅድሚኡን፡ ኣብ ውሽጡ ዝነበሩን ወይ ብደቂቕ እንዳተኸታተልዎ ዝመጹ

ስለዝኾኑ፡ መስከርቱን ወይ ሰራሕቱን እምበር ብወረ፡ ብቤላቤው ዝሰምዕዎ ኣይኮነን።

እቶም መስረቱን፡ ሰራሕቱን ግን እንተ ነጊረምሉ ዲዮም ወይስ ሒዞሞ ከይዶም መብዛሕትኦም ሓሊፎምን፡ ክስዕቡን ንዕዘብ ኣሎና ። እቶም ተሪፎም ዘለው ከኣ ሎምስ ደልዓስዓስ ስለዝበሉ፡ ክንደየናይ 'ክዝክሩ'ሞ' ክንጽበዮም ንኽእል። ብዝኾነ ግን ተጠቒምናሎም'ዶ ከሲርናዮም ናይ ጽባሕ ወለዶ መወከሲ ጅግንነት ኣቦታቱ ፈቲሹ እንተረኺቡ ወይ ተሲኢኑ ኢዩ ክፍለጥ። ተስፋ እገብር 'ዓሕ' ኣይክብሉን ይኾኑ። እንተ ንሕጂ ግን ኣብ ኮንዶኾን'ዩ ዘሎ። 25 ዓመታት'ዶ ኢዶም ኣጣሚሮም ክህልዉ፡ ዝብል እምነት ገይርና ኢና ሱቕ ንብል ዘሎና። ብዙሕ ክንገርን ክብሃልን ስለዘይንሰምዕ ዘሎና፡ እንተተሰከፍና ባህርያውን ንቡርን ኢዩ።

ስለዚ እቲ ታሪኽ ገድሊ ክንብል ኮለና ታሪኽ እቲ ንናጽነት ዝተበጀወን፡ እቲ ተልእኾኡ ፈጺሙ ባንዴራ ናጽነት ሒዙ ዓዲ ዝኣተዉን የጠቓልል። ህዝቢን ገድልን ከም ዓሳን ባሕርን ኮይኖም ዝሰርሕዎ ታሪኽ፡ ካብ ኣጀማምርኡ ክሳብ ምፍጻሙ፡ ኣብ ውሽጢ ዕድመ ናይዚ ገና ህልዉ ዘሎ ወለዶ ዝተፈጸመን ባዓሉ ዘንቀሎን፡ ዝወዓሎን፡ ዝፈጸሞን፡ ገሊኡ ድማ ንምድጋሙ ምስኡ ወይ ኣብ ከባቢኡ ዝዓበየን ስለዝኾነ ብዙሕ ዝኽወልን ዝሕባእን የብሉን።

ካብ መን'ሞ ክሕባእ? ከምቲ ገለ ጠላማት ዝብልዎ "ምቅንጃው፡ ምኩሕሓል፡ ምጽብባቕ" ኣውን ኣየድልዮን እኮ ኢዩ። እቲ ዘሰክፍ እኳድኣ ግደፍዶ ክቃናጆ እቲ ብጥሪኡን ከምቲ ዘነበሮን'ውን ገና ብግቡእ ኣይተነግረን፡ ወይ ይንገር የሎን። ምኽንያቱ ነቲ ምረቱን ንውሓቱን፡ ነቲ እህህትኡን ስቓዩን፡ ነቲ ዕርቃኑን ጥምየተጽምኡን፡ ነቲ ሕሰመስጋኡን መከርኡን፡ ኮታ ነቲ ኩሉ ዓይነት ተጻዋርነቱን ቀጻልነቱን ዘንጸባርቕን፡ ዝበቕዖን እንተ ብጹሑፍ እንተ ብኻልእ ብዙሕ ኣይሰማዕናን ገና ኣይነበብናን። ኮንዶኾን ንናይ ጽባሕ ወለዶ ይስነድ ይህሉ።

ኣብዚ ውሽጢ 25 ዓመታት ግን ብሓፈሻ ንኩላትና ብፍላይ ከኣ ነቶም ሓሳዳትን ረሳዕትንሲ ዛጊት ሓደ ፈርጣዕ መጽሕፍ ተዳልዩ ከም መጽሓፍቲ ቅዱሳን ኣብ

ተትርኣስና ክህልወናን፡ ከም ኣቡነዘበስማያት ንጉሆን ምሸትን ክንደግሞ ምተገበኣ። (ከም ኣብነትን ብዙሕ ዘይነስተባህለሉን፡ ብዛዕባ እቶም ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ዶካትርን ሓካይምን እሞ ንቁሩብ ዓይንኹም ሰም ኣቢልኩም ሕሰቡ። ህ።ግ ሕክምና ላዕሊዮም ነይሮም ምባል ጥርይ እኹል እይኮነን። እቲ 30 ዓመታት ብዘይመብረ ብዘይዕርፍቲ ውግሖጻብሓ ደምን፡ ቃንዛን፡ እህህታን፡ ኣውያትን እሞካኣ ዉጉእ ኣብ ኢዶም ክዓርፎም ከመይ ተጻዊሮሞ ኢልኩም እሞ ሕሰቡ። ነቶም ሓሳዳት እቲ ምረት ገድሊ ክሳብ ክንደይ ከቢድ፡ ኣዝዩ ከቢድ ምንባሩ ቁሩብ ይስቖሮም ይኸውን)።




እቲ ዘገርም ግን እዛ ሕጂ ንገድልን ፍጻሜታቱን ንፈጸምቱን ንከተነኣእስን ንኽተቛናጽብን ንኽትድምስስን ክትዋጥን ክትግዕርን ትወዕልን ትሓደርን ዘላ፡ መብዛሕትኣ ጥንቕልዒት ደቂሳ እንኮላ፡ ገሊኣ'ዉን ገና ኣብዛ ዓለም እይነበረት። እቲ ተጋዳላይ ግን ብቦንባታት ሩስያን ሳዓብታን ከም ሓፋፍሎ ብላዕልን ብታሕትን እንዳተጀፈዐን'ዩ እቲ ታሪኽ ዝሰርሖ። ተጋዳላይ ድማ እቲ ኩሉ ኣብተን ቀንዲ ክልተ ውዱባት ዝነበረን ብፍላይ ከኣ እቲ ንናጽነት ዝዛዘመን ኩሉ ኢዩ። ተጋዳላይን፡ መሪሕነቱን። ሓፋሽ።

እቶም ዘይሓፍሩ ታሪኽ እቲ ተራ ተጋዳላይ ከምዝፈጸሞ ኣምሲሎም ብኮ ከእትዉ እንተፈተኑ 'ሓቕኹም' ዝብሉ፡ ከይሓየኹ ምውሓጥ ለሚዶም ንዕዘብ ኣሎና። ደ'ቀሺ ሓይኩም ወሓጡ። ስርዓተ-ምሕቃቕ ምግቢ ኣብ ኣፍ'ዩ ዝጅምር። ነገራት ምድቓቕ ንልመድ። ዘዝተቐኦረበልና ምኹላስን ከይዳቐቕና ምውሓጥን ጉድእቱ ነኒዶክተርና ክንውከስ ንኽእል ኢና። ተስማሚዕናዶ?

እሞ እቲ ታርኽ ጅግንነትን-ተወፋይነትን፡ ጽንዓትን-ቀጻልነትን፡ ናጽነትን-ህላዌን፡ ሎሚ እቶም ኣብ ኤርትራ ረብሓ ከምዘይብሎም ኣስተውዒሎም ናብ ኢትዮጵያ ሕግብግብ ዝብሉ ዘለው፡ ከም ንዕኦም ዝጥዕሞምን መምለስ እግሪ ክገብርዎን'ዶ ከነፍቅድ ይግበኣና ኢዩ??? ኣይፋሉን ደቀ'ሺ ኣይፋሉን!!! እንታይ ትብሉ???




ከምዚ ክብል ከለኹ ንኹሉ በልማማን ዘይትፈልጥዎን ዘይሰማዕክምዎን ንምምጻእ ዘይኮነስ፡ ኩሉ ኣብቅድሚ ዓይንኹም ኢዩ ዝገበር ዘሎ። እንታይ'ድኣ ብዘይምስትውዓል ድድሕሪ ረብሐኦም ዝጎደሎምን፡ ጽቡቕ ናይ ኤርትራ ዘይተዋሕጠሎምን፡ ውሑዳት ክንሶም ግን ከኣ መርዛማት ነናብ ዝመርሑና ሃው ንብል ከይንህሉ ንምዝኽኻርን ንምጥንቃቕን ጥራይ ምኽነይ ኣቀዲመ ከፍልጥ እደሊ።



ስም ሃገርናን ክብራን ንምህሳስን፡ እቲ ታርኽ ተጋዳላይን ውዕሎ ጅግንነቱን ምቅላል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሎምስ ሕሉፍ ሓሊፎም ብድፍረት "ታሪኽ ሸፋቱ" ዝብሉ'ውን ተቐልቂሎም ኣለው። ንሱ ጥራይ መዓስ ኣኺሉ፡ ንገሊኦቶም ኤርትራ ትብሃል ሃገር ክሰምዑ፡ እቲ ምስጢር እንታይ ምኻኑ 'እንድዒ' ይብህሩሩ'ሞ፡ እናክብህርሩ ዘድምጽዎ ኣውያት፡ መቐለን ኣዲስኣበባን ኣቓሊሑ ኣብ ዋሽንግቶንን ጀነቭን ክዓዝም ይስማዕ ኣሎ።

እሞ ናይ ኤርትራ ነገር እቲ ስም'ውን ስለዘባህርሮም ሎምስ ከኣ 'ደቂ መረብ ምላሽ' ዝብሉ'ውን ይቀላቐሉ ኣለዉ። እቶም "ደቂ መረብ ምላሽ" ንብሃል ዘሎና፡ እቶም ትግርኛ ተዛረብቲ ዝጎደሎ ጀበርቲ ኢና። ቀሊል ገይርኩም'ዶ ትርእይዎ ትህልዉ። ትማሊ ሰውራ "ኣስላም'ዮም ንዓረብ ክሸጥዋ" ተባሂሉ። ፈላልዮም ክቐትሉና ፈቲኖም። ዋጋ ተኸፊልዎ ግን ፈሺሉ። ሎሚ ከኣ እቶም ካልኦት ጸገም የብሎምን፡ እዞም ትግርኛ ተዛረብቲዮም እምበር ምባል እቲ ዘይፍንቀል ሓድነትና ንምዝራጋ ምኻኑ፡ ብጀካቶም ምስና ምህላው ረብሓ ዘይብሎም፡ ኩላትና ነስተውዕለሉ ክንህሉ ተስፋ እገብር። ገና ገና ካልእውን ክንሰምዕ ኢና'ሞ ዘባህርሮም ዘሎ ናብ ካልእ ከይስዕርርን እግረ-እግሮም ክንከታተሎም ይግባእ።



ነዚ ብምብህራር ጀሚሩ ዕብድብድ ዘብሎም ዘሎ፡ ኣንቀልቱን መወልቱን ንምግማቶም'ኳ ሊቀ-ሊቃውንቲ ክትከውን ኣየድልን ኢዩ። ንምድህላልና ግን ንሶም ብድሕሪት 'ደቂ ሃገር' ዝመስሉ ብቅድሚት ኣሰሊፎም ንኸጥፍኡና ተመሓሒሎም እንዳተዓዘብና፡ ዝበዛሕና ከምዘይምልከተናን ዘይንዓናን ንግራህ ክይነህሉ። ስለዚ ከም ቀደምና ካብ ረብሓና፡ ረብሓ ሃገርን ማዕረ ዕድል ንኩሉ ዜጋን ቀዳምነት ሰሪዕና፡ ክንብድህን፡ ሃገርና ክንሕሉን ከዘኻኽረኩም እፈቱ።

እቱም ሰባት መን ኮይንካ ኢኻ ተዘኻኽረና'ድኣ ዝብሉ ሓለይቲን ተጣበቕቲ መሰል ቅልጡፋት በረምረም ክብሉ ክጽበዮ ኢየ። ግን ደፊርካና ከይብሃል እንዳተማሕጸንኩ፡ ረሳዕቲ ኣይንኹን ኢለ ደጊመን ኣድሚቐን ከዘኻኽርን ከጠንቅቕን ክፈቑድላይ ብትሕትና ይሓትት።

ገለ ከኣ ምስ ዓቕሞምን ክእለቶምን ንካልኦት ጥራይ ዝምልከት ዝመስሎም ኣጋጢሞምኒ ኣለዉ'ሞ፡ እይፋልኩምን ኣታ ሃገር ናይ ኩላትና፡ እቲ ታሪኽ ገድሊ እንተዘይነርኩምዎ ናይ ኣሕውትኩም፡ እቲ ናይ ትማሊ ከኣ ዝወዓልኩምሉን ናትኩምን ስለዝኾነ፡ ክትሕልወዎን ክትካላኸልሉን ይግባእ። ስለዚ ናይ ወሑዳት ዕማም ዘይኮነስ ናይ ኩላትና ሓላፍነት ኢዩ ክብሎምን ክበራበሩን እደሊ።


ምናልባት እቲ ታሪኽ ዘይነበርናሉን ዘይወዓልናዮን እንተኾና'ውን፡ ክንግንዘቦ ዘሎና፡ ታሪኽ ኩሉ ኣይኮነን ዝነብሮን ዝውዕሎን ዝካፈሎን ዝሰርሖን። ዝያዳ ክንጸረልና ዝግባእ ግን ኤርትራ ከም ሃገር

ብትውልዲ፡ ብዜግነት ሃገር ኩላትና ኢያ። ስለዚ ካብቶም ደመኛታት ጸላእታን ንምሕላዋ እጃምና እንተጌርና ጥራይ ኢና፡ ብሃገርና፡ ብትውልድና፡ ብመንነትና፡ ንኾርዕን ብመሰልና ክንዛረብ ንኽእል ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣሎኒ። ካብዚ ወጻኢ እቶም 'ብፖለቲካን ተቃውሞን' ዘይካኣሉ፡ ጽልእ ዓሌት ንምስዋር፡ ዓዲ፡ ኣውራጃ እንተልዓሉ ንንቀሓሎም። እምቢ ከእ ንበሎም። ሂትለር ዝንኡ ብዓሌት ኣበጊሱ'ዩ ክረኽቦ ፈቲኑ። ኣህዛብ ብመርዚ ጋዝ ዘህለቐ። እዚ ጽዩፍን ኣነዋርን ኣተሓሳስባ ብጋህድን ብዓውታን ከይድገም ሽዕኡ ኣብቂዑ ዝመሰሎም ነይሮም። ግን ኣብ ሩዋንዳ ዝተፈጸመ ህልቂት'ውን እንተዘከርናዮ ክጠቕመና ይኽእል ኢዩ። ኣስተውዕሉ ደ'ቀሺ፡ ጽቡቕ ጌርና ነስተብህል።

ዝያዳ ምስትውዓል ዝሓትትን ዘድሊን ግን እቲ ታሪኽ ብዘረባን ወርጸጸጽን ጥራይ ኣይተሰርሐን፡ እቲ ታሪኽ ብምጽሓፍ ጥራይ ኣይተሰርሐን፡ እቲ ታሪኽ ብገንዘብ ጥራይ ኣይተሰርሐን፡ እቲ ታርኽ ዋንጫን ብርለን ዓቲርካ ኣፍልብኻ እንዳደግደግካ ኤርትራዊ ኢየ ስለዝበልካ ጥራይ ኣይተሰርሐን። እቲ ታሪኽ ሳዋ ወሪድካ ንይምሰል ህገራዊ ኣገልግሎት ወዲኤ ንምባልን ጋማን ስለዝወዳእካን እሞ ክልተ-ሰለስተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ባርካ ኮለለል ስለዝበልካ ጥራይ ኣይተሰርሐን። እቲ ዘገርም እቲ ታሪኽ ብሰባት ጥራይ'ውን ኣይተሰርሐን፡ እቲ ታሪኽ ብዳንጋን ቀላጽምን ጥራይ ኣይተሰርሐን፡ እቲ ታሪኽ ብብርትን መዳፍዕን ጥራይ ኣይተሰርሐን፡ እቲ ታሪኽ ብሊቓውንቲ ጥራይ ኣይተሰርሐን ወዘተ።




እቲ ታሪኽ ታሪኽ እኩብ ድምር ናይ መብዛሕትኡ ወይ ዳርጋ ኩሉ ኤርትራዊን ኣብ ኤርትራ ረብሓ ዘለዎን፡ እንኮላይ ብማሉ፡ ብንዋቱ ኤርትራ ናጻ ንምግባርን፡ ልኡላውነታ ንምሕላውን ብንጥፈትን ርሱን ድሌትን ናይዝተዋስኡ፡ ዝተቃለሱን፡ ዝተሰውኡን ኢዩ። ስለዚ እቲ ክሃስስ ዝድለ ዘሎ ታሪኽ፡ ታሪኽ ቀዳሞትን ዳሕረዎትን ስውእትን፡ ታሪኽ እቶም ገና ብዘይ ተጉላባ ሕድሮም ኣጽኒዖምን ረብሓ ህዝቢ ቅድሚት ዝሰርዑን ኩሉ ዓይነት ሕሰም ተጻዊሮም ናይዝቕጽሉ ዘለዉን ኢዩ። ታራኽ እቶም ሕድሮም ዘጽንዑ፡ ኣብ ሃገር ጸኒዖም፡ ብቑጠባዊ ሓርነት ዝደልደለትን፡ መጻኢ ወለዶታት ብኽብሪን ማዕርነትን ዝነብረላ ሃገር ንምህናጽ ለይትን መዓልትን ዝሰርሑ ዘለዉን።

እቶም ዓማጽያንን፡ ደፈንቲ ሓቂን፡ ዘየለ ንህዝቢ ንምትላል ዝጸሓፍን፡ ኣብ ኣኼባታት ንናይ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታት ንምኽሳብን ንምትላልን ዝደጋገመን'ዩ

እናበሉ፡ ንዝረአ ዝጥራጠሩን ዘነኣእሱን ኣለዉ። እቶም ዝኾነ ጽቡቅ ዘየሐጉሶም ዝበሉ ይበሉ በብመንገድና ስለንከታተሎ ግን ኣይገርምን ኢዩ። ብርግጽ ኣብ ባይታ ግን ነቲ ጸላእቲ ኤርትራን ሓሳዳትን ዝብልዎ ዘፍሸልን፡ ብኣንጻሩ ነቲ ክርእይዎን ክሰምዕዎን ዘይደልዩ ሓቅታት ዘረጋግጹ ጭብጥታት ንርኢ ኣሎና። ካልእ ከኣ ኣብግዜኡ ክስዕብ ኢዩ፡ ናይ መጨረሻ ዕላማ ኢቲ ክሃስስ ዝድለ ዘሎ ታሪኽ ንሱን ከምኡን ንምግባርዩ ነይሩ'ሞ። ማህበራዊ ፍትሒ ምንጋስ!!!!!

ብርግጽ ሕጽረታት የለን ዝብል ዘሎ ኣይመስለንን። እቲ ሕጽረታት ግን ይትረፍዶ ኣብዛ ሓዳስን ጀማሪትን ሃገር ኣብ ካልእ'ውን ብዙሕ ንርእ ኣሎና። ኲናት፡ እገዳ፡ ጥልመትን እንተተወሲኽዎ ድማ ይገድድ። ብዓቕሚ ኤርትራዊ ዘይፍወስን ዘይስገርን ግን ኣይኮነን። ናብቶም ቀደም ዘጥፍኡናን፡ ንኽንበታተን መታን ክንጸድፍን ክሳብቲ ግምግም ገደል ከብጽሑና ከም ዓይነ-ስዉራን ቅድሚት ተሰሪዕም እንዳመርሑናን ሱቕ ኢልና ሃው ከይንብል ምጥንቃቕ ከድልየና ኢዩ። ከም ንደርሆ ኣፋስካ ዝተሳሕለ ካራ ከዊልካ፡ ጥረምረ ነስኒስካ ናብ መድፈንያ ከይከውን ብኣጋ ተገንዝብና፡ ኣብታ ዋላ ቀደምና ደይብና ከምናይ ትማሊና ከነቋምት ይግባእ። በዚ ንዕዘቦ ዘሎናን፡ በቲ እዞም ጠላማት ዝገብርዎ ዘለው ግን ብገርህናን ሓለይቲ መሲሎምን ነቶም ደመኛታት ጸላእትና ከይስተበሃልና ኣብ ኣፋፊት ገዛና ኣብጺሖም እምቡሕ ክብሉና'ዩ ተስፈኦም። ከምኡ ክሳብ ዝገብሩ ከምዘይምልከተካን እንታይገደሰኒ ምባልን ግን ሓላፍነትካን ሕደርኻን ምዝንጋዕ ኢዩ። ንረዳዳእ'ዶለና ደ'ቀሺ???

መንግስቲ ይሕንጽጽን ይትልምን፡ ክዉን ንምግባሩን ንምዕዋቱን ከኣ ጻዕሪ ኲሉ ዜጋ ይሓትት። ምኽንያቱ ኣብ ግብሪ ዘውዕል እቲ ሓፋሽ ብዘይቀልዓለምን ብንጽህናን እንተኣገልግሉን፡ ሰሪሑን ኢዩ። ምጥፍፋእን ስርቅን እንተሳዕሪሩ ግን ዘይሕሰብ ኢዩ። ከምኡ ከይከውን ምክትታሉን ምትሕብባርን

ስራሕ ህዝቢ ኢዩ። ህዝቢ ግቡእን ቅኑዕን ኣገልግሎት ክረክብን ክስእንን ወሳኒ ተራ ክጻወት ይኽእል ኢዩ። ባዕልኻ ኣልምድካን ኣጋጊኻን፡ ብማዕጾ ከይትኣቱ ሪጋኻ ክትዘልል ብሕጓ ከእትዉኻ ሓባቢልካን ኣደናጊርካን ማለት ፈቲኻ ህብካን፡ ተመሊስካ ከሳሲን ኣጸላሚን ክትከውን መልክዕ የብሉን። ሰለዚ ዝተተኸለ መንግስቲ ህዝባዊ ሰርዓት ክኸውን ሕጋዊ ኣካዪዳን ቅንዕናን ምስ ነዘውትር ኢና። ናይ ኩሉ ሓላፍነት ከኣ ኢዩ።




ቁሩብ'ዶ ሃውቲተ። ናብቲ ቀንዲ ዛዓባ ንምምላስ ህዝብ ብጉልበቱ፡ ብንዋቱ፡ ብጥርይቱ፡ ብደቁ፡ ብነብሱ፡ ብእምነቱ፡ ባህሉ ኮታ ኩሉ ዝካኣሎ ከፊሉ'ዩ ታሪኽ ሰሪሑ። ነቲ ታሪኽ ንምስራሕ ብዙሕ መሰናኽላትን ጸገምን ተጻዊሩን በዲሁን። ንእግረ-መግዲ ብሓሳብን ፖለቲካዊ እምነቱን ተፋላሊዩ፡ ብምድሕርሓርን ብምግስጋስን ተዋናጂሉን ተኻሲሱን፡ ንእምነቱን ብእምነቱን ተጠራጢሩ። ተኻቲዑ፡ ተሓራሪቁ፡ ተፈኻኺሩ፡ ተጻራሪፉ፡ ተጠቓቒኑን ተጸላሊሙን፡ ተጨዋውዩ፡ ተሓናኒቑ፡ ኣብ ወስታን ትንዕን በጺሑ፡ ተባኢሱ፡ ኣብ ገለ እዋን ድማ ደም ተፋሲሱ። ምናልባት ኣሰራቱ ከይከውን ክሳብ ሎሚ ፈኺም ዝብል ዘሎ፡ ልቢ ገለ ሰባት ኣትሪሩ ዘሎን።

እዚ ኹሉ ግን ዓለምና ርእያቶን ሰሚዓቶን ዘይትፈልጥን ኣባና ዝተጀመረ ወይ ኣባና ዝተወደኤን ኣይኮነን። ሽዕኡ ከም ሎሚ እታ ዓለምና ዝሓልፈቶን፡ ገለ ድማ ከማና ገና ኣብቲ ጉዕዞ ዝነበሩን፡ ግድን ክሕለፍ ዝነበሮን መስርሕ ናይ ፖለቲካ ኢዩ።

እቲ ዘጋጠመ ዕንቅፋታት ኩሉ ንክብርን ንስለ ናጽነትን ዝተገብረ ወይ ክሕለፍ ዝነበሮ መስርሕ ምዕባለ ደቂሰባት ስለዝነበረ ግን ምስ ናጽነት ከብቅዕ፡ ክውዳእ ምተገበአ፡፡ ምኽንያቱ ብናጽነት ስለዝተደበስና ከሉ ዝሓለፈ ይረሳዕ ተባሂሉ ነይሩ። ኣቱም ሰባት ከብቅዐ፡ ክውዳእ ነይርዎ። ገርሂ'ዶ መሲሉ። ግን ኣይተወደአን። ምኽንያቱ ንሕና መንእሰያትን ገርህታትን ኣንኮሎና፡ ኪኖ ናጽነት ንረብሐኦም ዘማዕድዉን፡ መገዲ ዝምድምዱን ክነብሩ ግድን ነይሩ። ሽዕኡ እቲ መንገዲ ምጽራጋ ብስዉርን፡ ብሰላሕታን ሕሽኹታን፡ እንተይሩ ሎሚ ግን እነሆለ ካብ ማዕዶ ብዓውታን ብግልጽን ኮይኑ። ግርም መሕብኢ ግዝያዊ ብዓቲ ስለዝተረኽበ


ጥልመት በዚሑ፡ ዝገበርካ ጌርካ፡ ዝበደልካ በዲልካ፡ ዘሚትካ፡ ስግር ናብ ወያነ ኮይኑ። ግርም ግዝያዊ መሸነጢ!

ኣብቲ ግዜ ገድሊ እቲ ጸገምን ፍልልይን ብስም 'ዲሞክራስን ስነሓሳብን' ተሸፊኑ ስለዝነበረ፡ ኪነው እቲ ቀሊል ዝመስል ሱር ዘለዎ ምንባሮም ብዙሕ ነስተባህል ኣይነበርናን። እዚ ሕጂ ንዕዘቦ ዘሎና እምብኣር እቲ ሽው ዝተጠጀኤን፡ ምጥዓም ክስእኖም ከኣ ተደጒሎም ዝነበሩን ዝፍጽምዎ ዘለው ኢዮም። እሞ ሕነ ንምፍዳይን ንህልኽን እቶም ዓቕሚ ዘይብሎም በቶም ዓቕሚ ዘለዎም ጌሮም ክጽዒቑ ንዕዘብ ኣሎና። እሞ ነዞም ህልዋት ክትረክብ ታሪኽ'ቶም ጀጋኑ ክድምሰስን ክኽለስን ትም ኢልናዶ ንተዓዘብ ዋላስ ያዕ ንበል። መልሱ ፍሉጥ ኢዩ።



እቲ ታሪኽኩምን ታሪኽ ጀጋኑ ኣሕዋትኩም 'ብኣለና' ዝብሉ ኣጠንቀልትን መደናገርትን ተጠሊሙ ኣሎ። ዘገርም ከኣ 'ተጣበቕቲ ንሰብኣዊ መሰል' ብዝብል ጥበብ፡ ግን ክንኡ ዝሳገር ንሕጂ ሽፉንን ድንግርግር ብዝበለ ምኽኒትን ተኸዊሎም፡ የደናግሩናን ኣለዉ። ሕንፍሽፍሽ ከእትዉልና ዘይሃቀንዎ ነገረ የለን። ምኽኒ ድኣ ኣብይዎም፡ ገና ዘዘንቀልዎ ክፍእት ስለዝፈሽል ከኣ ኣይክሰልጦምን ኢዩ እምበር፡ ምስቲ ትማሊ ናጽነትና ክምንጥለና ዝሃቀነን፡ ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይበለናን፡ እናበሉ ህዝብና ክዳኖም ክለብሱ'ኳ ዕድል ከይሃቡ፡ ብብጃምኦም ካብ ዓራቶም ብከውታ ለይቲ ምስ ዝጓሓፉን፡ ገና ኣብ መሬትና ዝዕንድር ምስዘሎ ስርዓት፡ ኢድን ጓንትን ኮይኖም ብጋህድ ይሰርሑ ምህላዎም ኩልትና ንዕዘቦ ዘሎና ኢዩ።

ምስ ጸላእቲ ሃገር፡ ሓንቲ መተርኣስ ተኻፊሎም ምስዝደቀሱን፡ ኣብ ሕንትሸቱሾም ኣትዮም ሕግብግብ ክብሉ ከመይ ኣገናዕ ትብልዎም። ተሪፍኩም፡ ኣርክቡ፡ ሳዓቡና ክትብሉናን ከኣ ዘደንጹ ኢዩ። ንሶም ንዕላማኣምን ውልቃዊ ረብሐኦምን፡ ገሊእትኩም 'ብዘይፍላጥ' እጣቓዕትን ኣሳሰይትን ኮይንኩም፡ ታሪኽን ምስልን ሃገር ክትብልሉ ስቕ በሉ ክትብሉና ከኣ ኣዝዩ ዘገርም ኢዩ።




ስለዚ ነቲ ትማሊ ጸልማት ዘውገሐ ረስዕዎ እንተበሉናን ምዓት 'ጠላማትን ሓሳዳትን' እንተረስዕዎን፡ ዜግነቶም ሽይጦም፡ ካብ መቐለን ኣዲስኣበባን ተተኣዚዞም ብዝመርሑና መላገጽን መደያይቦ ናብ ስልጣንን ከይንኸውን ክንጥንቐቕ ይግባእ። እቶም ታሪኽ ዘህስሱን፡ ዝኽልሱን፡ ዝድምስሱን ዘለው ዝገርመኩምን ከይትግርሁን ካብ ኩሉዮም ዘለዉ። ብትውልዲ ወይ ብዜግነት። ታርኽና ንምድምሳስ ዝጥቀምሉ ዘለዉ ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ሜላታት ከኣ ብርእይቶይ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል።

ዓወት ንሓፋሽ

ኣብ ዝቕጽል የረኽበና

መኮነን ዓንተራይ ( Mekonen Anteray)

## ገሪህና፡ ኣታሊሎምና፡ ተዓሺና.....እቲ ምዕሻውን ምግራህን ከይተፈለጠና ንርዕሞ ድኣ ከይንህሉ...-ካልኣይ ክፋል

መኮነን ዓንተራይ ( Mekonen Anteray)

August 21, 2015

ነሓሰ 15.12.2007

*„..........ስለዚ ነቲ ትማሊ ጸልማት ዘውገሐ ረስዕዎ እንተበሉናን ምዓት ‘ጠላማትን ሓሳዳትን’ እንተረስዕዎን፡ ዜግነቶም ሽይጦም፡ ካብ መቐለን ኣዲስኣበባን ተተኣዚዞም ብዝመርሑና መላገጽን መደያይቦ ናብ ስልጣንን ከይንኸውን ክንጥንቐቕ ይግባእ። እቶም ታሪኽ ዘህስሱን፡ ዝኽልሱን፡ ዝድምስሱን*

*ዘለው ዝገርመኩምን ከይትግርሁን ካብ ኩሉዮም ዘለዉ። ብትውልዲ ወይ ብዜግነት። ታርኽና ንምድምሳስ ዝጥቀምሉ ዘለዉ ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ሜላታት ከኣ ብርእይቶይ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል።………“*

*መኮነን ዓንተራይ ( Mekonen Anteray)*




## 1. ኣብ ነንሕድሕድና ምትእምማንን ምጥርጣር ምፍጣርን ፡-

መቸም ፖለቲካ ንመብዛሕትና ‘ስጊንጥር’ እዩ። ተገንዘብናዮ ዘሎና’ኳ ዝመስለና እንተኾነ መብዛሕትኡ ግዜስ ኣብ ዓንኬል እቶም ‘ቀልስቲ’ ኢና ኮለል ንብል። ምኽንያቱ እቲ ዝቅርቡልና መብዛሕትኡ ግዜ ሽፉን፡ ከይቀረፍና ወይ ከይቀለጥና ክንበልዖ ስለንፍትን። ወይ ከምቲ ዝሃቡና ሰለእንትርጉሞ። ከምቲ ሽዊት ዕፉን ፍሬኣ ክትረክብ ክትቀቓሓ ነቲ መሸፈኒኣ ክትቀልጦ፡ ፖለቲካውን ክትቀቓሓ ይግባእ። እቲ ፍረ ነገር ብፍላይ እቲ ክፉእ ወትሩ ምስተሸፈነ ኢዩ።

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ፖለቲካ ብኸመይ ዲኻ ‘ትርእዮ’ (ዮዋህ ሕቶ ናይ የዋሃት) ኢሎም ንዝሓተትዎ ኣዕሩኽ፡ ንፖለትካ ርእየያ ኣይፈልጥን ኢየ፡ ፖለትካ ገጽን ምስልን የብሉን፡ ንዉሱን ዕላማ ክትግልገለሉ ምስ ደለኻ ከምዝጥዕመካን ትርእዮን፡ ምስሊ ተውጽኣሉን፡ ንነገራት ተማእዝኖም በለ’ሞ። ሽዑ እንተደለኻ ኩርናዕ ተውጻሉ፡ ተደለኻ እግርን ኢድን ትሰኹዓሉ፡ ወይ ከም ኲዕሶ እግሪ

ከባብ፡ ኮታ ከምዝምእመኣካን ክምዝጥዕመካን ነቲ ከተስምዖን ክትጐስጉሶ ትደሊ ወገን ወይ ሰማዕን፡ ክሰምዓካ ብዝኽእል ሜላን ጥበብን ኣብ ሓንጎሉ ትሰኹዓሉ ወይ ተስርጸሉ በለ።

ስለዚ ከመይ ትርእዮ ኢልኩም ኣይትሕተቱኒን፡ ግን ብሓደ ዳይመንሽን/ኩርናዕ መዳይ ኣይትርእይዎ ጥራይ'ምበር፡ ከምድሌትካ፡ ትርእዮን ትዕንድረሉ ዓውዲ ኢዩን።  ዲሞክራሲ ዲዮም ኢለሞ፡ ዳርጋ ሕጫጩ ኢዩ። ዝገርም ድማ ኣብቲ ሓንጐል ክሰርጽ ከሎ መዓስን ብኸመይ ኣገዳሲ ኢዩ። ኣብ ባዶ ሓንጐል፡ ኣብ ቁሩብቁራቦ ዘዋህለለን ወይ ኣፋፍኖት ዘለዎ ወዘተ ፍልልይ ይገብር። ኣብ ናትና ኣብ ዘበነ ገድሊ ዝነበረ ጸገምን ገና ዝሕምሰና ዘሎ እውን ምስንዕዘብ ብድሩት ዓቕምን፡ ዘይበሰለን ናይ ልቓሕ ፖለቲካን ዝተጻወቶ ዝጻወቶ ዘሎን ኣሉታታ ኣኳ ግርም ኣብነት ኢዩ። ድሕሪት ተመሊስና እንተንፍትሽ፡ ብጀካቶም ፍቅሪ ሃገር ዝደረኾ ባዕላቶም ጣሕመሽመሽ ኢሉም ዝሰነቕዎ ፍልጠት እንተዘይኮይኑ፡ ክንደይ ካብ ካድረታትና ኮነ ናብ ፖለቲካዊ ዓውዲ ፍልጠት ዝተቐልዐ ነይሮም ይኾኑ?

በቲ-ኮነ-በዚ፡ እቲ ጸገም ዝመጽእ እቶም ባዕሎም ኩርናዕ ፈጢሮም በቲ ንሳቶም ጥራይ ዝርእይዎ ኩርናዕን በታ ናቶም መነጸርን ክርእዩ ምስዝፍትኑ ጥራይ ኢዩ። ቅንዕንኡን ኩርንዑን ብግዜን ምስ ግዜን ክልካዕን፡ ተቀባልነቱ ኣብቲ ዝደለ ዘሎ ክፋል መልእኽቱ እንተመሓላሊፉን ተሰማዕነት እንተረኺቡን ጥራይ እዩ ዝረኤን ዝዕቐንን። ሰባት ንረብሐኦም፡ በብዝጥዕሞም ኣገባብን ሜላን ይጥቀምሉ። እንተኮነ ፖለቲካዊ ሓሳብ ተቀባልነት ክህልዎ ግዜን፡ ስምዒትን ሓልዩ ምስዝቀርብ ኢዩ ዝዕወት። ገለ ንጽቡቕ፡ ገለ ንሕማቕ። እዚእውን ኣብ ተመኩሮና ዝተዓዘብናዮን ዋጋ ዝተኸፍሎን ኢዩ።

## 1.1 ሳዕቤን ኣይኩናት-ኣይሰላምን እገዳን

እቶም ብህርፍርፎት ኣፎም ማይ ሚዒጐ ዝነበረ እሞ ንኤርትራ ከምቲ ዝሓሰብዎ ኣፍደገ ባሕራን መንግስታን ከም ድሌቶምን ብዝጥዕሞምን፡ ንውልቃዊ ረብሐኦም ጥራይ ብዘገልግልን ስለዘይተጠቅሙላ፡ ኣእጋር መንግስቲ ሓልኾም ክሕዝዎ ነቂሎም። ዘሎን ዘየሎን ሓሶታትን ጠቕነታትን ምሂዞም እገዳ ኣተግቢሮም። ሽዑ እቶም ጠላማት ቀንዲ መቀባበልቲ ነይሮም።

ሎሚ ድማ እዞም ጠላማትን ሓሳዳትን ነዚ ብስንኪቲ ተማህሊሎምን ሓሶት ፈብሪኾምን ክዉን ዝገበርዎ እገዳን፡ ወያነ ካብ መሬትና ኣይውጽእን ኢላ፡ ዳንጋ ኣያታታ ተጸጊዓ ከምድሌታ ትዕንድረሉ ዘላን ግዜን ዝፈጠሮ ኣይኩናት ኣይሰላምን ዘየቕስን ኩነታት ክምዝምዝዎን ከታሉሉን ክሸፍጡን፡ ህዝቢ ክሕምሱን ሆሆ ክብሉ ንዕዘብ ኣሎና። ብሽፋን 'ሰብእዊ መሰላትን' 'ደለይቲ ፍትሕን' ኣብ ባዓቲ ዘብለጭልጭን ሳሓብን መሳጥን ስም ኣዕቂሎም ክዕሉቕን ንግላዊ ረብሐኦም

ይግልገሉሉን ኣለዉ። ኣብዘይጥዕሞምን ረብሓታቶም ምስዝትንከፍን ከኣ ከተሃናኾትሉ ይውዕሉ እነሀዉ።

በታ ሓንቲ ኩርናዕ ጥርይ ትርኢ መነጸሮም፡ ብፍላጥ ፖለቲካ ኤርትራ፡ ንዓለም ካብ ሐደ ኩርናዕ ከምዝረኤ ኮይኑ ክሻይጥሉ ንዕዘብ ኣሎና። ነቲ ሃገርን ናጽነት ዘውሓሰ ውድብን ዘመዝገቦ ክብርን ክብርታትን፡ ኣብ ባይታ ዘሎ ግብራዊ ለውጥን ኣንፈት ንዉሕሱ መጻእን ከዘርጉን፡ እቲ ዘየደቅሶም ዝነበረ ጽቡቅ ዝና ሃገርና መንግስቲን ንምህሳስ ከይደቀሱ ይሓድሩ ኣለው። ከም ውጽኢት እቲ ስዉር ዒላማ መንግስትን ህዝቡን ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ‘ጻላእቲ’ ብጻዕቂ ክዝለፍ ንዕዘብ ኣሎና ።

ምናልባት ንሳቶም ብድቅሶምን ገሊእቶም ጻሓይ ንጉሆ ከይራኣዩን ኣያታቶም፡ ንገሊእቶም ድማ ኣቦታቶም ፍትሒ ከናድዩ ከርተት ዝበልሉ ምኽኖም ምዝኽኻር ዘድልዮም ኣይመስለንን። ኣብቲ ጸልማት ግዜ ግን ከምዚ ዝበለ ሆሆይታ ኣይገበሩን። ኣብ ግዜ ገድሊ ንናጽነት መብዛሕቶኦም እቶም ሕጂ ብስም ‘ሰብኣዊ መሰላት’ ዝጣበቁ ኣሚሲሎም ዘዕገርግሩ ዘለዉ፡ ዓቅሚኣዳም ዝበጽሑን እኮ ኢዮም ነይሮም። ኣብቲ ግዜ ቅብጸት ህዝቢ ባጽዕ ብሚግ ክሀሞኽ በቲ ሽዕኡ ዝነበረ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ርእየሞ ክኾኑ ኣለዎም። እንተዘይርእዮሞ ድማ ይግደሱ ኣይነበሩን ክኾኑ ኣለዎም። ክንደይ ካብኣቶም ኮን ቍጠዔኦም ኣስሚዕም ይነብሩ? እሂ ደቀሺ እወ ኣነ ናብ MP ወይ ጋዜጣ፡ ናብ ከስምዑ ዝኽእሉ ናይ ፖለቲካ ሰባት ወይ ተጣበቅቲ ሰብእዊ መሰላት ጽሒፈ ዝብል እንተሎ ክንሰምዖም።

## 1.2 ንስውር ዕላም መሳለጥያ ምኽን

እቲ ስዉር ወይ ሽፉን ዕላማ ካብዛ ኣብ ታሕቲ ብቀይሕ ደሚቃ ዘላ ንእሽቶይ ሕጡብ እኳ ብዙሕ ክንመሃር ንኽእል። ነዚ ክትርህጻ’ዶ ትግዕታ ይብላ ኣደታት! ሰለሰተ ርብዒ ብደገ ሓደ ርብዒ ብደቂ ሃገር!! ተቃወምቲ ድዮም ክበሃሉ ዋላስ ተለኣኣኽቲ? ስለምንታይ ኣንጻር ሃገርና ሱዳን ኢትዮጵያ፡ የመን ሓቢሮም ድማ እቲ ካልእ ስዉርን ናይ ኣደባባይ ሚስጢርን ኢዩ። እሞ ነዛ ኣበሃህላ ክትምዝምዛን ክትብለጸላን እንተተደልዩ እኳ ሰለስተ ርብዒ ህዝቢ ኤርትራ ምስ መንግስቱ ጸግም የብሉን ማለት እዩኮ። ኩሉ ንመንግስቲ ክድግፍን ዕጉብ ክኸውንን ድማ ዘይትጽበዮን ዘይከውንን እዩ። ህዝቢ ብምልኡ ኣብ ግዜ ኲናት፡ ሃገር ክትወረር እንኮላ ጥራይ ኢዩ፡ ብሐደ ድምጺ ንመንግስቲ ክድግፍ ትጽበዮ። ኣብ ክምኡ ኩነታት እውን ዘርጠብጥብ ይረአ እዩ።

*[ 3. ከም ዝተጠቐሰ፡ ብ2002 ብላዕለዎት ሰበ ስልጣን ፈተውቲ ሃገራት ኢትዮጵያን ሱዳንን ንዝተገብረልና ወግዓዊ ዕድመ መሰረት ብምግባር ኢና ኣዲስ ኣበባ ከድና። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ በጻሕና ድማ ብወግዓዊ ኣገባብ*

*ብኣምባስደር ሱዳን ተዓደምና። ኣብቲ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ኣምባሳደር ሱዳን ዝነበረ፡ ካብ ግዜ ቃለሲ ንፋለጥ ክቡር ሰብ ከምዚ ዝስዕብ በለኒ፥ <ስርዓት ኣስመራ ንጸጥታ ዞባና ኣስጋኢ ኰይኑ ስለ ዝረኸብናዮ ንሱዳንን ኢትዮጵያን የመንን ከም ሰለስተ ኣእጋር ዘለዎ ሰድያ ወሲድና ንስኻትኩም ኤርትራውያን ተቓወምቲ ከም ራብዓይ እግሪ ሰድያ ብምዃን ግደ ክትጻወቱ ቁርባት ዲኹም በለኒ። ኣነ ድማ <ከክንዲ ካልኦት ውድባት ኰይነ ክዛረብ ውክልና የብለይን፡ ሰልፍና ግን ቅሩብ ኢዩ በልኩዎ> ። ብተመሳሰሊ ኣምባሳደር የመን ንዶ/ር ኣልጋነሸን ንኣይን ኣብ ኤምባሲ የመን ዓደመና፣ ንሱ እውን ምስ ኣምባሳደር ሱዳን ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ግን ብኻልእ ኣበሃህላ ርእይትኡ ምስ ገለጸልና፡ ንሕናውን ብስም ሰልፊ ተራድኦ ኤርትራ ነቲ ዝቐረበልና ሓሳብ ተቐበልና። ድሕሪ ቁርብ ድማ ሰንዓ ፎሩም ተመስረተ። ፈታውን ክቡርን ዝኾነ መንግስቲ [ትዮጵያ ድማ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን፡ ብዓቢ ክሳራ፡ ናይ ሓደ ወርሒ ኣብቲ ውሩይ ሆቴል ግዮን ሆቴል ኣኼባ ኣሰናዳኣልና። ንሕና ኤርትራውያን ነቲ ብኽቡራት ጐረባብትና ዝተወህበና ዕድል ን ተፈላጥነትን በቒዕናዮዶ? ኣይበቓዕናዮን። ድሕሪ ድራር ዮሃና ሸው ምሸት ኣፍረስናዮ። ]*

ፖለቲካ በታ ናተይ መነጸር ብኸመይ ህዝቢ ተመሓደርን ተነባብርን እምበር፡ ካልእ ኣይነበረን። ግን ከምኡ ድዩ? እቲ ካልእ መዳዩ ኸ? እዚ ኣብላዕሊ ዘላ እሞ ተዓዘብ። ንውልቃዊ ረብሓን ንረብሓ ምትእኽኻብ፡ ስልጣን ንምግባትን ንምርካብን፡ ሰብ ንምርጋጽ፡ ሃብቲ ሃገር ንምብኻን፡ ጉጅለኣዊ ኣድልዎ ንምትእትትታውን፡ ንኻልእት ምንፋግን፡ ማሕበራዊ ኣድሉዎን ፍትሕን ምጒዳል፡ ዘይምዑር ዝርገሓ ሃብቲ ሃገር ምህላው፡ ንቕሓት ሓፋሽ ምድቛስን፡ ዝርገሐ ሕክምናን ኣብያተ ትምህርቲን ኣባይትን ምንፋግ፡ ህዝቢ ብድሑር ባህሊ ክግረፍን ብኡ ተጥቕምካ ስልጣንካ ምንዋሕን፡ ዕቁንን ምጡንን ሩባ ዘየሳግርን ፖለቲካዊ ንቕሓት ምኹስኳስን፡ መባእታዊ መሰላት ምድቋስን ምዕንቃጽን ምጽባእን፡ ውዘተ ከኣ ካልእ መዳይ ወይ እቲ ግናይ መልክዑ ኢዩ።

ነቲ ሕማቕ ሸነኹ ረሲዐን ንወገን ኣቐሚጠን፡ ኣብታ ጸባብ ዓለምይ ፖለቲካ ብዛዕባ ፖለቲካን ኣልዒለ ምስ ነብሰይ ከዕልል ከለኹ፡ መንግስትን መግስታዊ ትካላትን ከመይ ኣሎ፡ ህዝብን መንግስትን ተዋሃሂዶም’ዶ ኣለው፡ እቶም ናይ ቀረባን ርሑቕን ዕላማታት ገድሊ ሕጂ ከኣ ፖሊሲታት መንግስቲ ተጀሚሮም ዘለው ኣዮኖት ኢዮም ፡ተተሊሞም ዘለውኸ፡ ተሪፎም ዘለውኸ፡ እቶም መባእታውን ቀዳምነት ዝስርዑ ጠለባት ይትግበሩን ይማልኡን’ዶ ኣለው፡ እቶም ዘይተማልኡን ተሪፎምን ዘለው ስለምንታይ ኮን ይኾኑ፡ መንግስቲ ዝነደፎም ውጥናት ከይትግበሩ ዝዕንቅፍዎን፡ ዝሓልክዎን ዝሕንኩልዎን ውሽጣውን ግዳማውን ጸገማት ኣዮኖት ኢዮም። ብኸመይ ይፈትሖምን ይብድሆምን፡ መጻኢ ጠመተታትን ራኢታትን መንግስቲ እንታይ ኢዮም፡ እንታይ ክምስሉን ክኾኑን ይግባእ፡ ወዘተ…

ብዙሕን ቀጻልን ሕቶ የልዕል። በታ መነጸረይ መንግስቲ ኣገልጋሊ ህዝቢ ገይረ’የ ዝርእዮን ዝርደኦን። ብፍላይ ኣብ ከምዚ ናትና ሃገር ከኣ ሓለፋ ካልኦት ይጽበዩ። ከምቶም ካልኦት ዲክታቶር ኢዩ፡ ክብል የጸግመኒ። ኣብ ዓለምና ዝነበሩን፡ ዘለውን ዲክታተራት ከመይ ነይሮም እንታይ ፈጺሞም፡ ከመይ ይነብሩ ነይሮም ብዓቕመይ ስለዝከታተልን። እቶም ዘለው ከኣ ነዛ ዓለም ከመይ ይሓልፍዋ ኣለዉ፡ ስለዝፈልጥ።

## 1.3 ንመዓልቲ ዘገልግል ዝንቡዕን ቀጻልን ዕርፍቲ ዘይብሉን ፕሮፖጋንዳ

እሞ እቲ ትማሊ ኣብ ዲጋ ዓዲ ሃሎ ኮይኑ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ዝበሉናን፡ ቅድሚ ትማሊ’ውን ኣብ ዲጋ ገርገራ ኢዩ ዝውዕል ዘሎ፡ “ዓቢዱ” ድኣ ከይከውን እምበር ኢሎም፡ ንከካፍኡ ኢዮም ሓሲቦም ግን ኣብ ስራሕ ተጽሚዱ ከመዘሎ ከይተረድኦም ዝምስከርሉ፡ ከመይ ኣቢሉ ዲክታቶር ይኸውን??? ዲክታቶራት ፈቐዶ ጎቦን፡ ሽንጥሮን፡ ጸሓይን ሃሩሩን፡ ደሮናን ክቃልዑ ሰሚዕናን ሪኢናን ኣይንፈልጥን። ዲክታቶራት ብጥይት ዘይተንኩላ ሊሞ፡ ብእልፊ ከክንዲ ሓርማዝ ዝኾኑ ዋርድያታትን፡ ሓለዉቲን፡ ኣሳሰይትን፡ ከፈቲ ማዕጾን፡ ኣብዝተመርጸ መዘናግዒ ቦታታትን፡ ገማግም ብሕርን ደሴታትን ብፍሉያት ዮት/ጀላቡ/መራክብ ኣብ ናይ በይኖምን ወይ ብሑትን ሕዙኡን፡ ረበሻን ሽምያን ዘይብሉ መዕረፍን መዘናግዕን ወዘተ፡ ባዓልኹም ሕሰቡን ወስኹን፡ ግዜኦም ዘሕልፉን ኮለል ክብሉን ከም ዝብሉን ኢና ንንገርን ንፈልጥን።

ኣንስቶም፡ ወይ ሰብኪዳኖም፡ ዘዝወጸ ፋሽን ክዳውንትን ጫማታትንን (300 ጽምዲ ጫማ ወይ ዝያዳ!!!! ትዝከሩ ትኾኑ ፍላስፋታት ዓለምና’ዶ ኣይኮንኩምን) ቅድሚ ዓለምን ዝለብሳን ዝወድያን። ደቆም ብፉሉይ ክንክን ዝዓብዩን፡ ሃመማ ዘይዓልቦምን፡ ኩሉ ነገሮም ኣብ ግሊን ብግሊን/ ትምህርቲ፡ መዘናግዒ፡ ዓመትዓመት’ዶ ክብል፡ ብፍልይቲ ነፋሪት ሆሊደይ ዝኸዱ፡ ኣየነኦምዮም ድክታቶራት?? እቲ ኣብ ዲጋ ዝውዕል ወይ እቲ ኣብ ገማግም ብሕርን ‘መናፈሻን’ ዝውዕል? ክትምልስዎ ኣይትደፍሩን ኢኹም።

ነቶም ዲክታተራት ከኣ እታ ምስልይቲ/ጨንቛር ዓለም ክሳብ ኣገልግሎቶም ዘብቅዕ ጉንብሕጥልዕ እንዳበለት’ያ ትቕበሎም። ምኽንያቱ ካብ ኣፍ ድኻታት ዜጋታቶም ኣግዲፎምን መንጢሎምን፡ መዚዕምን ተተሰኪመምሎምን ስለዝኸዱን። ዘሚቶም ዘምጽሎም ገንዘብን ሃብቲ ሃገር እንኮላይ ንጽበሖምን፡ ንድሕሪጽባሕን፡ ኮታ ንወለደኦም ዘንብሮም ኣብቲ ንሳቶም ውሑስ ዝብልዎን፡ ዘጣጥሕሎምን ባንክታት ናይ ደገ ክኽዘንን ከይትንከፍ ዋሕስ ተኸሎምን መተካእታ ክሳብ ዝረኽቡን ኡፍኡፍ ይብልዎምን። ንሶምን ስድራቤቶምን፡ ቤተሰቦምን ስልጣንን መንግስትን መሓውራት መንግስቲን ብመሳልል ይሕዝዎን ይግብትዎን ይቆጻጸርዎን። ግደፍ

ኣብ ጎደናታትን እንዳ ፉልን እንዳሻሂን ክትረኽቦምን ወይ  ጸገም ሃልዩካ ኣብ ቤተመንግስቶም ኣቲኻ ከተዛርቦም እሞኽኣ ዝሕሰብ ኣይመሰለንን። ብኢጋጣሚ ብመኪነኦምን ተዓጂቦምን ክሓልፉ ከለው ቐሊሕ ኢልካ ክትርእዮም እኳ ንጋዶ።

ኣንስቶም ኣብ ዕዳጋ ዝሓሰረ ኣስቤዛ ከናድያ ኮለል ክብላን፡ ክትረኽበንን፡ ደቆም ኣብ ጎደናታት ኩዕሶ ጨርቂ ሰፍዮም ከምሰቦም ክጻወቱን፡ ምስ ሓመድ-ሓፋሽ ክመሃሩን፡ ከምኩሉ ዜጋ ንበረኻ ክወፍሩን ኣብ ወትሃደር ከገልግሉን እሞ ዘይሕለም ኢዩ።  ክቅጽል’ዶ። ኣይፋለየን። እዚ’ኳ ኣኽብደልኩም። ተኸፊሎ’ዶ ትብሉ ኣለኹም? ወርቂ ብሻድኣ ንመን ክኸውን!!! ዓቢድኩም ኣለኹም!!!! ሰራቂ ከም ኢዱ ሓሳዊ ከም ኣፉ ኢንዲዩ፡ እቶም ንረብሓ ዘቐድሙ ዝብሉ ይብሉ ዘገርም ኣይኮነን። ንሳቶም ስሱዓትን ሕቱራትን ስለዝኾኑ።

ዲክታቶር’ዶ ስሚዐ?? ኢዶእ!!እንታይ ኢልኩም? ካልእ ስም ድኣ ሃቡኒ ክቅበለኩም። ሱቕ ኢልናዶ ነኮማሳዓያ፡ ዘይሓሰብኩም ማለት ኣበይ ከምትሰኹዕዎ እንተጠፊእኩም፡ ቤተክርስትያን ሆላንድፖርክ ንሕተቶም? ወይ ንዓ ነዚ ሰብኣይ ወይ መንግስቲ ኣጠምቕ ንበሎም እምበር። ስለዚ ደቐሺ ስምውን ኣይረኽብክምሉን ገና!!! እታ ‘ንእሽቶይን ረብሓ ዝበከላ ርእስኹም’ ኩፉእ እምበር ጽቡቕ ክትርእን ክትሓስብን ኣይተዓደለትን!!!! ደድሕሪ  በሃልቲ ምስዓብን ዝተባህለ ክትደግምን እምበር፡ ከተበርክትን ክትጽግንን ከተስፍሕን ኣይረኤናን። ስለዚ ካልእ ስም ረኺብኩም ክሳብ ትመጹ ኣነ ክቅጽል።

ኣመጻጻእኡን ታሪኹን ስለዝፈልጦን፡ እፈልጦ ስለዝመስለኒን። ብርግጽ እፈልጦ ድማ። እዚ መንግስቲ እቲ ትማሊ ውድብ እንከሎ፡ ኣብ ሳሕል ሽዳ ወድዩ፡ ረስሚ ለቢሱ ኣብትሕቲ ገረብ ዓላ፡ ኣብ እምኒ ኮፍ ኢሉ **“ንሕና ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኢና”** ዝበለን ንዓለም መን ምዃኑ ብዘይቀለዓለምን ሕብእብእን ዝኣወጀ። ኣብቲ ናይ ፖለቲካ ጽግዕተኛ እንተዘይኮንካ ትርጉምን ፋይዳን ዘይነበሮ ዓለም፡ መጸግዒ ወይ መደገፊ ባላ ስኢነ ኢሉ፡ ከየስተማሰለን ከይተዳህለን ከይጃጀወን ናቱ ዓለም ፈጢሩ ብዝመስሉን ከምዝመስሎን ብዓቕሙን ክእለቱን፡ ፍሕኹ ኢሉ፡ ደው ከምዝብል ንነብሱን ብጾትን ኣእሚኑ። ኣብቲ ካልኦትን፡ ዉድባትን ተደናጊሮምን ተደናጊረንን፡ ናበይ ከምዘብላ ሓርቢትዎን፡ መኣዝነን ስሒተንን ክንብልብል ክብላ ከለዎ ንሱ ግን፡ **“ንሕና መን ምዃና ባዕልና ንፈልጥ”** ኢሉ፡ ደጊሙ ዘረጋገጸን፡ ዝኣወጀን!!! ብርግጽ እፈልጦን እዝክሮን።

ንህዝቡ ኣእሚኑን ኣሚኑን፡ ከምቶም ቅድሚኡ ዝጀመሩ ተጎተጎ ጥራይ ኣቢልካ ናጽነት ከምጽእ ከመዘይከኣል ፈሊጡ፡ ኣብቲ ንኽትሪኦ ዘፍርሕ ጎቦን ሽንጥሮን ተሸጒጡ፡ ብቅድሚትን ብድሕሪትን እንዳተጐጥየን፡ ነቲ ኣብ ሑጻ ዝተመስረተ ጸጋግንካ ከምዘይ ጣጥሕን ከምዘየዋጽእን ኣስተባሂሉ፡ ኣብ ጽኑዕ ሰሪቱ፡ ንገድሊን

ምረቱን ብዓቕሊን ብታተን ተተሓሒዝዎ። እቲ ቃልሲ ግድን ክዛዘም ምኳኑ ግን ንምዝዛሙ ነዊሕን ጽንኩሩን ኣድካምን፡ ኩሉ ነገር መስዋእቲ ክሓትት ምኳኑ ኣተንቢሁን ምሂሩን። እቲ ዝወጥኖን ዝገመቶን ዝብሎን ዝሐሰቦን ኣብ ሽቶኡ ኣብጺሑ። እታ ንኣማእታት ዓመታት ክትርገጽ ዝነበረት ሃገር ማዕረ ዓለማ ሰሪዑ። ሰለዚ ነዚ መንግስቲን ነቲ ንዕኡ ዝወለደ ውድብን፡ እቲ ሓፋሽ፡ ከመይ ዘይፈልጦ። ከመይ ዘይንፈልጦ? መንከ ዘይፈልጦ?

እወ እተን ዕንቐኡ ዝመስላ ኣዕንቲ ኣብ ቅድሚኦን ዘሎ ገዲፈን ተሳጊረን ንነዊሕ ከቛምታ፡ ክሳብ ሎሚ ይረኣያንን ይዝከራኒን። ቅድሚኡ ሽዕኡን ድሕሪኡን ውሽጠን ኣትየ ኣነ ዘይርእዮ እንታይ ኮን ይርእያ ይህልዋ ኢለ ወትሩ ምስነብሰይ ኣብ ሙጒት ኣተየን፡ ገና ይቕጽል ኣለኹን። እፈልጦ፡ እወ ፈልጦ እቲ ትማሊ ኩሉ ዓይነት ድሕረታት ኣወጊዱ፡ ቀጨውጨው ክሳብ ትብለኩም ክደግማን ከድምቓን ከስምረላን ኢየ። ኪንዮው እቲ ልሙድን ንብሩን ኣንወሰዶ ዝነበርና ባህሊ፡ ኣስላማይን ክርስትያንን ካብ ሓንቲ መእዲ ክበልዑ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣዋሲቡ ዘቃለሰ።

ምህሩን ደንቆርኡን ብዘይ ኣድልዎን ጉንዖን ብሓደ ኣርዑት ቛሪኑ፡ ኣብ ሐደ መኣዲ መጊቡን፡ ብፒሮ ዝመጽጒዓ ኣጻብዕ ኩሉ ክገብራን፡ ምስ ሓፋሽ ክስረዓ ከምዝኽእላን፡ ገሪሑን ኣልዚቡን። ጓልን ወድን ሓንቲ ነጻላ ተኸዲኖም፡ ከም ዝተቐጥቀጠ ዝራብዕ ተዓኹሊሎምን ተሓቛቝፎምን ክጋደሉ ዝገበረ። ብርግጽ እፈልጦ!! መንከ ዘይፈልጦ፡ ብጀካ'ቲ እናፈለጠ ክፈልጥ ዘይደሊ ሽሓጢን ተበላጽን።

እወ እፈልጦ፡ እቲ ቅድሚ 24 ዓመታት እገበር ብኣንጻርቶም ጠላማትን ሓሳዳትን ናጽነት ኤርትራ ኣይካኣልን ኢዩ ዝበሉን፡ ብረት ስዉኣት ቁልቁል ኣፉ ዝደፍኡን፡ ደርጊ ፋሽሽቲ ኣይኮነን ስለዚ ካብኡ ዝሃበና ፍታሕ ክንቅበል ኣሎና ኢሎም ዝጎስጕሱን፡ ኩሉ ዓይነት ሕሰምን ጥልመትን መጻወድያታትን በጠስጠስ ኣቢሉ፡ ጸልማት ዝቐንጠጠ። ናጽነት ኩውን ዝገበረ። ከመይ ዘይፈልጦ። እሞ ከመይ ኣቢለየ ክቐበለኩም ሃገርን ህዝብን ከጽንት ዝተላእከ ፍጡር ኢዩ፡ ክትብሉኒ። ትሕጭጩ ኣለኹም! ቅድሚ ምራኽ መስከብ ኮይኑ ኩሉ ግብርኹም። ኣብቲ ከጥፈኣን ዓቅሚ ነይርዎን ዝበልኩምና ዘየጥፈኣስ ሕጂ ንሱ ከጥፍኣ ንስኻትኩም ክትከላኸሉላ! ዘይመስል፡ ሓቂ ድኣ!!

ኣጸቢቐ እፈልጦ ግን ይኣክለኒ ባዕልኹም መልእዎ። ክጀምረልኩምን ነቶም ጠላማት ከዘኻኽሮም እምበር መን ዘይፈልጦ። ስለዚ እወ እፈልጦ ነዚ መንግስቲ ኣዝየ'የ ዝፈልጦ። ግን ብኣንጻር እቲ ንስኹም ክትፈልጥዎን ከተላልይዎን ክትሸጥዎን ትጽዕሩ ዘለኹም። እቲ ከምዚኸማይ ዝፈልጦ፡ ከምቲ ንነዊት ጨነቐ ብድሕርቲ ዕርፊ ጠወቐ ብቅድሚት ምራን ሓነቐ ኮይንዎ፡ ትማሊ ንናጽነት ከምጽእ

ስለምንታይ ነዛ “ምዳዳ/ጸረገድሊ ውድብ” ትድግፉ ተባሂሉን እንዳተጸርፈን እንዳተዋረደን ጸማም እዝኒ ሂቡ ቃልሱ ኣዐዊቱ፡ ሎሚ ድማ ነዚ”ዲክታቶር መንግስቲ፡ ነዚ ናይ ዓጋመ መንግስቲ” ስለምንታይ ትድግፉ ተባሂሉ ገና ይዝለፍን ይዋረድን ኣሎ።

## 1.4 ብፍላይ ንደገፍቲ መንግስቲ ብጻዕቂ ምጥቃዕ- ፈላሊኻ ምኽሳብ

እቶም ኩነታት እንክጥዕሞም ውልዕ-ጥፍእ ዝብሉ ከም ሓዊ ለይቶ፡ ወይ ግዜ ሓሕልዮም ውጥም-ቅልቅል ዝበሉን፡ ኣባጊዕ ኢሎምና ኣለዉ። ነቲ ምንልባት ቅድሚ 70 ዓመታት ኣቢሉ ሂትለር ዝበሎ እደግሙልና ኣለዉ ሞ፡ እንታይ ግድኹም እው ኣባጊዕ ግን ዝሓስቡ ኣባጊዕ ንብሎም። ካብ ክፉእ ጽቡቕ ዘለልዩን፡ መስፍናዊ ኣተሓሳስባን፡ ድሑር ዝምባሌታትን፡ ማሪታዊ እምነታትን ጉሒፎምን፡ ኣብ ሐደ ተጠሚሮም ቅድሚ ረብሐኦም ረብሓ ሃገር ንምውሓስ ዝመረጹ። እወ ዝሓስቡ ኣባጊዕ፡ ንጠላማትን ሓሳዳትን ዝፈንፈኑን ምስ ተሓለቕቲ ሃገርን ኣጽናዕቲ ሕድሮምን ዝወገኑ። ከምኦም ዝጸንዑን። ተስፋ ዘይቖርጹን፡ ንረብሐኦም ዘየቕዱሙን። ብሃገሮም ዘይዋገዩን ንበሎም። ንሳቶም ግን ካብ ብግሓቱ ንሳ ኢያ ዓቕሞም፡ ክጥዕሞም ብብርሃን እንተዘይጠዓሞም ድማ ጸልማት ተኸዲንካ ምጽያቅ።

> *[ ነቶም የዋሃት ዜጋታት ገና ካብ ጋኔነት ስርዓት ኣስመራ ሓራ ዘይወጽኡ እውን <ኣቱም ሰባት ካንዶ ኣባጊዕ ገዛኢ ደርቢ ኰይና ተሪፍና> እውን የብሎም ኣሎ። ዮሃና መንእሰይ ኤርትራ!!!]*

እዞም ገስገስቲ ናይ ዘመና ቀጺሎም ድማ ከምዚ ይብሉ ኣለዉ።

## [ መ, ኣበይ ዓዱ፡ ውዲ መን ድኣ ኰይኑ?

ኣብ ሓደ ሃገር ስልጣን ፕረዝደንት ንሓደ ባእታ ቅድሚ ምርካቡ ክሕተት ዝግባእ ሕቶ፥ <ኣበዩ ዓዱ፡ ወዲ መን ደኣ ኰይኑ?> እዩ። ሃገርካ ንኣስማሪኒ ኣረኪባካ ሕጂ ኣንጐርጕሮ ኣይጠቅምን እዩ፣ ስለዚ ንኤርትራን ህዝባን ኣጋጢምዋ ዘሎ ጥፍኣት ንሕናን ዓለምን ስለ እንፈልጦ እዚ ሓጺር መግለጺ ካብ ለቕሶን ምቕዛምን ሓራ እዩ። እቲ ቀዳማይ ኣዋጅ ኲናት ብጉጅለ ኣዝማሪኒ ከም ዝተጻሕተረ ሎሚ መን ዘይፈልጥ። ወዳጇ ! ገስጋሲ እየ ክትብል ንሃገርካ ስለ ዘረከብካ ንህዝብኻ ከም ኩዕሶ ካልሲ መጻወቲ ኣዝማሪኒ ወዲኻዮ። ኣይትምሃርን ደኣ ኢኻ እምበር፡ ሃይማኖተይ ቀቢላይ ኣውራጃይ ክትብል ነታ ተሪፋ ዘላ ኤርትራ ኣይተተፍእ። በል እስኪ ወዳጇ ሃይማኖትካን ቀቢላኻን ኣውራጃኻን መንዶ ክወስድልካ እዩ ? ናይ ካልኦት ክትወስድ ትሓልም ደኣ ከይትህሉ እምበር። በል ክትፈልጥ ወዳጇ እቲ ገስጋሲ ኣበይ

ዓዱ፡ ወዲ መን ደኣ ኰይኑ ኢሉ ዝሓትት እዩ፣ ሻቡ ድማ ህዝብኻ ካብ ጥፍኣት ድሒኑ ምሳኻ ክግስግስ እዩ። ዕላማ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ኩሉ ኤርትራዊ ወዲ ዓዲታት ኤርትራ ስለ ክኸውን ይቃለስ። ]

ኦባማ እንተሰሚዑኽ 'ኣበይ ክኣትው' ኢዮም። ሎሚ እቶም ጭው ዝበሉ ምዕራባዊ ዲሞክራሲ ዘሳስዩ እኳ እንተ ንረብሓ እንተ ንፖለቲካ ታሪኽ ፈጺሞምስ፡ ካባና ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘለዎም ምዕዛብ ከመይ ዲዩ ኮይኑ ዘብል ኢዩ። እሞ ድማ ልዕሊ ሰቦም ሊቃውንቲ ኢና ካብዝብሉ እንተኾይኑስ ስግንጢር ኢዩ። ኣብ ደገ ነብሶም ከመዕራርዩን ሂወቱም ክሰርውን፡ ተርጉምቲ ኮይኖም ገንዘብ ክኣርዩ ምስ ጠበቕን ዕንቅርቢትን ኣብ መንቀራቕሮን በዓቲን፡ ብጥምየት እንዳተፋሕሰን ሽንቱ እንዳስተየ፡ ብጥይት እንዳተበጃጀለ ዘምጸአ ናጽነትን ክብርታቱን ክወራዘይሉ ዓገብ እዩ። ሎሚ ድማ እቶም ኣምጻእቲ ዘይደቂ ዓዲ እቶም ኣብቲ ጸልማት ጊዜ ኣብ ኤውሮኣመሪካ ዊስክ ዝጭልጡን ጮማን ዝቑርጥሙ ዝነበሩ ደቂ ዓዲ!!! እዋእ? ሓቁ ድኣ!! ዋላ ንይምሰል ንእሽቶይ ፍትሕስ ይሃልወና ድኣ ደቀሺ።

ኣመልኩምን ግብርኹምን ኣዐርዩ ስለዝፈልጥ ግን ዕጅብ ከይበሎ ሕጂውን" ንሱ ንሕና ንሕና ንሱ" ኢሉ፡ ንክፍኣትኩም ብኣጋ ፈሊጡ ቅድሚት ሓሊፉ ክሳድ ሒዙ ኣኣድብዩ ክጸንሓኩም'ዩ። ስለዝመረረናን፡ ክፍእትኩም ምጽዋር ሲኢናዮ'ታ፡ ኣመና በዚሖ ዶብ ሓሊፉዎ። ሓሞት ዘለዎ ኩሉ ይኣዉጅ። ንህላዌ እቲ ብደምን ኣዕጽምትን ኣሕዋትኩምን/ኣሓትኩምን ዝተተኽለ መንግስትን፡ ንቀጻልነትና ከም ሓደ ሃገርን ህዝብን።  ሎሚ ኩልና ንኣውጅ እምቢ ኣይንበታተንን ኢና ንበል!!!! እምቢ ነዞም መስፍናዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም፡ ሰረወታይ፡ ኣኮለጉዘተይ፡ ሓማሴናይ፡ ኣስላማይ ክርስትያን ኢሎም ዝፈላልዩን፡ ብእኡ ዝጥቀሙን ዝረብሑን።

እሞ ትማሊ እቶም ሕሉፋትን ደፋራትን እታ ውድብ ኣይትፈልጥዋን ነይርኩም ዝበሉን፡ ሎሚ ድማ ተሞኽልዮም መንግስቲ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም ዝበሉኒ። ዘይፈልጦ ዝብል እንተሎ ወይ እንተነይሮም ኣይንፈልጦን ነይርና ኢሎም ብዛዕባ ነብሶም ይዛረቡ። ኣብ ዘበነ ገድሊ ኢሳያስ እንዳበሉ ምስ ኣትዓብዎ ሓደ ዓርከይ ኣጸቢቖም ሕርር-ኩምትር ክብሉ ከምዚ ኢሉ፡  "መጽሓፍ ቅዱስ ንክርስትና፡ ቑርኣን ንእስልምና፡ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ" ኢልዎምሲ ዳሓር ግን ውልቃዊ ኣምልኾ ከይትመስል ኢሉ፡ ነታ ኢሳያስ ትብል ህ.ግ/ ሻዓብያ ቀይረያ ክብለኒ ኣጸቢቑ ይዝከረኒ።

ከምዚ ሎሚ ገለ ውሑዳት መታን ምትእምማን ከነጉድልን ክንጠራጠርን ነዚ መንግስቲ ሓንሳብ ናይ ወልቀሰብ ንሓንሳብ ናይ ሓደ ኣውራጃ፡ ንሓንሳብ ናይ ሓደ ዓሌት፡ ንሓንሳብ ናይ ሓደ ጉጅለ፡ ንሓንሳብ ናይ ሰብ ረብሓን ጠለምቲ ሕድርን

ዝብሉና ዘለዉ። ኣብዘበነ ገድሊ ነቲ ውድብ ህ.ግ ክትፈልጥዎ የብልኩም ንዝበሉናን ኣብ ድርኩኺትና በትርን ብረትን ዓቲሮም ሃየስከ ዝብሉናን ናይ ትማሊ ዘይሃሰሰ ዝኽሪ ኢዩ’ኮ። ስለዚ ናይ ሎሚ ዘይኮነ ናይ ቀደሞምን ዘይፍወስ ሕማምን ኢዮ ተሓዚኦም። ሰጊርናዮም ንሕለፍ።

ዘዋጸኣና ድማ ከምቀደምና ጸኒዕና ክንምከት ጥራይ ኢዩ። እንተ እቲ ምእዋጅ እሞ ሎሚ ኣይኮናን ንእውጅ ዘሎና፡ ስለዘይሰምዑ ከነስመዕም እምበር። ኣብቲ ጽልግልግ ዝነበረሉ መደርኽ’ውን ኣዊጅናን መረገጽና ኣነጺርናን ኢና። ከምኡ ስለዝገበርና፡ እቶም ሓያላትን ናጽነት ከውጽኡና ኢልና ዝተጸበናዮምን ከይጀመሩ መሰል ምርጫና ነፊጎምና ኢዮም። ንሳቶም ቅጫናን ጣይታና፡ መዓርናን ክብልዑ፡ ቤትናን ካንሸሎታትናን ክሳብ ግዜኦም ከምድሌቶም ክዕንድርሉን እኳ ኣንተገዲፍናሎም፡ ግን ሽዕኡውን በዲህናዮም። ከምዘይንብርከኽ ኣርኢናዮም። ንሕና ምርጫ ስለዝገበርናን ሰለዝኣወጅናን፡ ገበነኛታት ተቆጺርና ተሃዲንናን፡ መጁ ክበሃል ፈቖዶ ባዓቲታ ክንሕባእ ዘሕለፍናዮ ምረት፡  ከመይ ክንርስዖ። ንሳቶምው፡ እዚ ኣጸቢቖም ይዝክርዎ ኢዮም።

## 1.5 ሃገርና ውሪርኩም፡ መንግስቲ ኣልግሱልና!!!

ኣብ 1998 ወያነ ኲናት ምስ ወለዐን፡ ምስ ኣወጀን ዝኾነሉ መሲልዎ ጻላእቲ መንግስቲ ዝብሎም ኣራርዩ ዝብሎም ብተብተብ ጠፍጢፉ ተቓወምቲ ሰዪሙ፡ መንግስታዊ ቅርጻ ብዝመስል ስልጣን ሸይሙ ነይሩ። ግን ሕልሚ ኮይኑ በኒኑ። ሽዑ ብዙሓት መንግስቲ ክጠፍኣሎምን ሃገር ምስ ወያነ ኮይናም ካዳኽሩላን ዝተተኹበሎም ተቀቢሎም ንሳቶም መሰልቶም ከም ድሌቶም ዝሕንብጡላ ‘ዓዲ’ ተመጽዊቶም ክነብሩ ብታሕጓስ ከበሮ ዓምሓም ክሃሩምን ተዓዚብና። መጺኻለይዶ ክጽበየካ ኢሎም ክደርፉ ኣይክኣሉን፡ ኣብ ሕቖ ወያነ ባባ ተሓዚሎም ከምኡ ክብሉ ዘምሕረሎም ኣይነበረን። ሓንቲ ምርጫ ዝነበረቶም በጺሕካለይዶ ወይ ኣቲኻለይዶ ምባል ጥራይ ኢያ። ተስፈኦም ኣብ ዓዲ በጊዖን፡ ኣብ ጎላጉል ዓሰብን በሪዒኑን መኺኑን ተሪፉ። ዕደመ ንጀጋኑ እዛ ሃገር!!!!!!

ሎሚ ንሳቶም ኣብ ኣመሪካን ኤውሮጳን ኮራርምቶም ወዲኦም ኮፍ ኢሎምን ትም ክንድዝብሉ። ንሃገርን መንግስትን መሕለፍ ናይ ጥሮታ-ግዜኦም ክገብርዎ ሓሶት ከውርሱን ታሪኽ ክድምሱሱን ከይኣክል ዘገርም ወጣጡ ኣፍሪዮም እነህዉ። ከይሓፈሩ እግሪ’ቶም ኣብ ኤውሮኣመሪካ ዝመደበሮም እናሳዓቡ፡ ካበየ ኩርናዓት ዓለም ተኣርዮም፡ ካባ ኣንድነት ለቢሶም ኣብ መቐለ ክጥመቑን፡ ስንቒ ጥፍኣት ዓጢቖም ገሊእቶም ብጋህዲ ገሊእቶም ብስውር ኣብ ማእከልና ተጸፍዮም ክሕምሱና፡ ኣብ ነንሕድሕድና ምትእምማን ከነጥፍእ ክንጠራጠር ክግበሩና

ዝተላኽዎ ከሳልጡ ላዕሊ‚ታሕቲ ከውደኽድኹ  ንዕዘብ ኣሎና። ሃገር ንምጥፋእ ነቶም ስብ ደምና ክዕድሙ ክምዚ ክብሉ ዘሰደምም ኢዩ።

[  ኢሰይያስውን ዓቅሚን ክእለትን እንተ ረኺቡ፡ ዝሓለኖ ከይገበረ ዘይሓድር ኣረሜናዊ መራሒ እዩ። ንሱ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብብሄርን ሃይማኖትን በታቲኑ፡ ንዘልዓለም ኣብ ነንሕድሕዱ እንዳ ተዳመየ፡ ኣብ ድኽነት ዝነብር፡ ከም ከዋኽብቲ ሰማይ፡ ብስደት ኣብ ሙሉእ ዓለም ፋሕ ኢሉ፡ ኣብ መከራ ዝነብር ህዝቢ ክገብሮ ኣይምጸልአን።(እግዝኣብሄር ይመስገን፡ ንኢትዮጵያ፡ ነፍሱ ይምሓር ከም ነፍስሄር ቀዳምይ ሚኒስተር ነበር፡ መለስ ዜናዊ፡ ከም ቀዳማይ ሚኒስተር ደሳለኝ ሃይለማርያም፡ ዝኣመሰሉ፡ ሰብ ዕላማን ራኢን፡ ጥዑያትን ዓበይትን መራሕቲ ስለ ዝሃባ።)

እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ ስርዓት ኢሰይያስ ንኢትዮጵያ ሰላም ክኸልእ፡ ክበታትን ለይቲ ድቃስ ዘይብሉ እንዳ ሓደረ፡ ስለ ምንታይ እዩ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኢሰይያስ ሱቕ ኢሉ ዝርእዮ ዘሎ?- ዝተመጣጠነ ስጉምቲ ናይ ግዜ ገድብ የብሉን ድዩ? – ክሳብ መዓስ እዩ ኸ፡ ኢሰይያስ ባዕሉ ክወድቕ እዩ፡ ተባሂሉ ክርአ?- እዚ፡ ህዝቢ ትግራይ፡ ኣብ ትሕቲ ድነ ጸልማት ስርዓት ኢሰይያስ ንኽነብር ይቃላዕ ዶ የልቦን? – ክሳብ መዓስ ኢኹም ከ፡ ኣብ ናይ ጐረቤትኩም ገዛ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓዊ እንዳ ነደደ፡ ሱቕ ክትብሉ?  ]

ኣብ ነንሕድሕድና ምጥርጣር ንምፍጣርሞ፡ መታን ከይንተኣማመንን ሕሉፍ ሓሊፍዎም እተን ካብ ኩሉ ኩርነዓት ሃገር ብዝቖማን ናይ መቃለሲ ባይታ ዝነበራ ወድባት ናይ ኣውራጃታት ነይረን ክብሉ ክሳብ ክንደይ ነውራማት ከምዝኾኑ ክንግንዘቦ ይግባእ። ተዓዘቡ’ሞ ታሪኽን ሓቕን ተጠሚዝዙን ተማሂዙን ክቐርብን። እቲ ሰለሰተ፡ ኣርባዕተ፡ ሓሙሽተ ደቒ ሰዊኡ ናጽነት ዘምጸኤስ ብደም ክሕተት!!! ኢዶእ? ንቡር-ስርዓተ-ዑደት መሬት ‘ከምዘይንቡር’ ቀይሮም እንተ ወጊሕሎም እንታይ ከምዝገብሩ ምግማት ዘጸግም ኣይመስለንን። እዚኦም’ዮም እቶም ሓዋርያት ለውጢ ደ’ቀሺ፡ እሞ ተዳለዉ ድኣ።

*[ “ሎሚ ውን ዝተፈላለየ ኣስማት ወይ ሕብሪ ይዋሃቦ፡ ወዲ ዱሙ ከም ቀደሙ፡ እቲ ናይ ጻይቂ ሰልፊ ኣብ ቦቱኡ ኣሎ፡ እቲ ዓብላልነትን ገበናትን ትምክሕትን ድማ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ኩሎም እቶም ክሳብ ሉዳን ዝቕንጽሉን፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኣብ ውሽጢ ተጋደልትን ህዝብን ብሃይማኖት ሰባት ዝስሕሉን ኣእሙሮ ዝምርዙን፡ ሓርበኛታት ዝቕንጽሉን ዝነበሩን ዘለውን፡ ካብታ ኣቶ ረድኢ መሓሪ ንነዊሕ ዘገልገልካላ ሰልፊ ጥፍኣት ኢዮም ዝጫጭሑ ዝነበሩ። ምስዞም ሰብ ደምና ድማ ሓደ ማዓልቲ ምትሕስሳብ ዘይተርፍ ኢዩ።*

*ብሄሮም ትግርኛ ካብ ኮነ ሃይማኖቶም ክርስቲያን ካብ ኮነ ዳኣ’ ሞ እንታይ ኢልና ኢና ክንጽውዖም፡ ሂንዱ, የሁድ, ወይ ቡዳ። ግርም እባ ተፈሊጥና ኢልካ ምንጽርጻር፡ ንሓቅስ ፈቲና ጸሊእና ንውሓጣ ዳኣ፡ ድሕሪሉ ድማ’ዩ ዕርቅን ምትእምማንን ሓዳስን ሰላምን ብልጽግትን ኤርትራ ክትምስረት ትኽእል።”]*

ሕሰቡ’ሞ ንሱዳን ጠቐሊላ ዝወጸት ጀብሃ ናይ ሓደ ኣውራጃ ወይ ክልተ ኣውራጃ ነይራ፡ ክትበሃል፡ ገለ ስጎኰቲ ገለ ተስጎኰቲ ክንክወን’ሞ ወትሩ ክንተሓናሕን ክነብር ኢዩ ዕላምኦም። ነዚ ድማ ኢየ፡ እቲ ታሪኽ እዚ ህልዊ ወልዶውን ዝምስክሮን ዝፈልጦንዩ ዝብል ዘለኹ። ንሓሶቶምን ክፍኣቶም ክንቕሓሉ ኣጸቢቕና ከነስተውዕለሎም ይግባእ። እቲ ባዕላቶም ዘሳውርዎ ዘለዉ ኣፈላልይ ኩሉ ናብ መንግስቲ ወይ ናብ ሓደ ሰብ ኮነ ኢልካን ምልጋብ ወይ ምጥቃን ድማ እቲ ካልእ ግናይን እከይን ተግባራቶም ኢዩ።

## 1.6 ድሙቕ ታሪኽና ገዲፎም እቲ ጸላእቲና ክዘርጉና ዝተጠቕሙሉ ኣሉታ ምጉላሕ

ልክዕዩ ገዛእቲ ሓይልታት ሓድነትና ንምብታን ዝመስሎምን ዝስለጦምን ኩሉ ተጠቒሞም ኢዮም። ነንሕድሕድና ንምግርጫውን ከምዘይንተኣማመን ንምግባር ነቲ ሐደ ሎሚ ይሓቑፍዎ ነቲ ካልእ ጽባሕ፡ ተጠቂመሙልና ኢዮም። ኣብ ከምዚ ሃገርና 85% ኣብ ገጠር ዝነብርን ገና ኣብ ድነ ብርሃን ዝነበረ ህዝቢ ብኩሉ ዓይነት ድሕረታት ክጥቃዕ ግድን ኢዩ። ግደፍ ሽዑ ኣብዚ ዘሎናዮ ስልጡን ጊዜን ዓለምን ኮፍ ኢልኩም እኳ ድሑር ዝንባሌታት ከተሳውሩ ንዕዘብ ኣሎና።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጻሒፉ ዘሎኸ ብመንግስቲ ዝተላእኩዶ፡ ካብ ረድኢ መሓሪ ዝተጸበይዎ ዘይረኸቡ? እዚ ንመንግስቲ ብዘይ ዕንጉለን ጸባን ከም ቆርበት ክመልጦን ክቀልጦን ከሎ ከም ጥጦ ዝራእየ ህጻን ብታሕጉስ ይሰራሰሩ ከምዘይነበሩን ሽዕኡ ኣገናዕ ከምዘይበሉን፡ ዳሓር ግን መጽሓፍ ኮይኑ ቀሪብሎም ፋይዳ ምስሰኣንሉን፡ ሱማ ረፍቲቱ መዓር ኢሉ ብላዕሊ ንይምሰል ሳንፉፍ ከዲኑ ምስ ሸጠሎም፡ ከምዘዐሸዎምን ከምዘታለሎምን፡ ምስተረደኦም ብኣልማማ ክሰሃሉና ኣየምሕረሎምን ኢዩ። እንታይ ግበሩዮም ዝብሉና። መዓር ለኽዩ ዝሸጠሎም ዓኸታ ድሓር ዕግርግር እንተበሎም ወይ ኣብ ፋኛቱራ ይድጕሕዎ ወይ ምስኡ ይተሓሳሰቡ እምበር ንምታይ በኣልማማ ይስልበጡና። ኣውሪዱልናዶ ንሕና!!

ሎሚ ዓው ኢሎም ደቂ ኣውራጃ ኣገሊት ኣገንዑ፡ ደቂ ኣውራጃ ኢገሊት ንመጻኩም ኣሎና ደቂስኩም ኣይትሕደሩ፡ ደቂ ኣውራጃ ኢገሊት ድሕሪት ተሪፍኩም፡ ዝብሉ ንስምዕ ኣሎና። ረሲዐልኩም እባ ደቂ ኣውራጃ እገሊት ነቶም ዝጽዩቑ ዘለው ደቂ ኣውራጃኹም ዓገብ በልዎም ዝብሉ ዓበይቲን ለባማትን ዝብሉ’ውን ሰሚዕና

ኣሎና። ምእንቲ ግዝያዊ ርብሓን ግዝያዊ ጒንፆን ዝግበር ድኣ ብዙሕ ዘገድሶም ኣይኮነን እምበር ጽባሕ ናይ ጽባሕ ወለዶ ክፍትሾምን ከንብቦምን ከሎ ዘሕፍርን ዘድንን ተግባራት ይገብሩ ምህላዎም ከኣ ከዘኻኽሮም እደሊ። ቃል ኣይሓልፍን ኢዩ’ሞ፡ ክትሓፍሩ ክትነብሩ ኢኹም።

ስለዚ እወ እፈልጦ ክብል ከለኹ እቶም ኢሳያስ ክስመ ከሎ ከም ጽላተ-ሙሴ ዝራኣየ ‘ሰይጣን’ ስለዝብህርሩን፡ እቶም ቅልጡፋት’ውን፡ ምእንቲ ውልቀሰብ ዝሕለቕ ስለዝመስሎምን፡ ዓቅሞምን ናይ ምርዳእ ክእለቶምን ወትሩ ድሩትን ጥምዙዝ ስለዝኾነን፡ ነገራት ፍቲግካ ናይምዕዛብ ስለዘይተዓደሉን ኩሉ ዓይነት ኣጻዋሮም ለጒሞም ክዳራበዩ ምኳኖም ክጽበዮ ኢየ።

እቲ ዝፈልጦ ክፈልጦ ከለኹ በቲ ንሳቶም ዝግንዘብዎ ዘይኮነስ በቲ ኣነ ዝፈልጦ፡ ውሽጠይን ስምዒተይን ዝኣዘዘንን፡ መሚየን መሪጸን ተኻቲዐን ዝወሰድክዎ ስጉምቲ እምበር ኣብ ጥቓይን ቀረባይን ስለዝነበረን እውን ኣይነበረን። እዚውን ብድሙቕ ከስምረሉ እደሊ።

ጒዑርን ኲረትን ጨራሪሖም ከምድልዮም ዝጽሕፉ ሊቃውንቲ-ኢንተርነት ከም ሳዕሪ-ጠጥዒ-ሰነ ዝጸገበት በቕሊ ናብ ዝሰለጣን ከምድላያ ትጋልብ፡ ንግዜኡ ከምደላዮም ከይዕንድሩን ብሓቂን ንስለሓቂን ክንብድሆም ይግባእ። እዞም ኣብ ኢንተርነት ኣፎምን ኢዶምን ዘጽረዩ፡ ተቆጻጻርን ኣራሚን ኣብዘይብሉ ናይ በይኖም ግዝኣት፡ ንታርኽ ከምድላዮም ክሽጥዎን፡ ክሽማጥጥዎን፡ ክጥምዝዝዎንን፡ ክዋራዘይሉን ተዓዚብና ኢና።

ርእይቶኦም’ዩ ኢልና ተጸሚምናዮ ዝሓለፍና ብዙሕ ኢዩ። ገሊኡ ግን ኣመና በዚሑን ገደብ ስኢኑን። ኣደብን ገድብን ክገብሩን፡ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰሎም ባዕላቶም ክቕጻጸሩን፡ ህዝብን ሃገርን ቅድሚት ሰሪዕም፡ እቲ ኩሉ ዓይነት ሕሰም ዝተጻወር ህዝብን ብፍላይ ብሄር ድማ ሎምስ ከዕርፍ ክገድፍዎ ንምሕጸኖም። እቲ ንሳቶም ዘልዕልዎን ዘሳውርዎን ተግባራት ንወተሃደራት ዝተዓሰቡ ዘይጎርሑን ዘይተማህሩን ሰባት ምምዝማዝ ድማ ናይ ጥዕናን ሓልዮትን ዘይኮነስ ንምዝራግን ዝቐሃመ ሓዊ ንምስዋርን ኢዩ። ንሱ ታሪኽናን ዝይድምሰስን ኮይኑ መምሃርን መለብምን ከይድገምን ክንጽዕርን እዩ ዝግባእ። እቲ ካልእከ ኣይተበደለን’ዶ?? ምክብባር ጽቡቕ ኢዩ።

## 1.7 እቶም ንመንግስቲ ዝጸርፉ “ሐሰብቲ” እቶም ደገፍቲ ተኸተልትን ደገምትን

ፈኸራን ምፍርራሕን ኣሰንዮም ንሳቶም “ሓሰብቲ” ካልእ ሰብ ድማ ናይ ካልእ ሰብ ሓሳብ ዝደግምን መሳርሕ ዲክታተርን’ዩ ክብሉ፡ ዘይሓፍሩ፡ ናይ እንተርነት

ካድረታትውን ተዓዛዚብና ኣሎና። ርእይቶ፡ ሓሳብ ኢዩ፡ ሓሳብ ከኣ ገንዘብ ክወልድ ኣለዎ ዝብሉ ነጋዶ ግዜና ከብርሃሎም ዝደሊ ግን፡ እፈልጦ ክብል ከለኹ ምእንቲ ውልቀሰብን ንውልቀሰብን ዘይኮነስ ንራኢ ዝነበሮን ዘለዎን ውድብ፡ እቲ ሃንቀውታ ህዝቢ ክውን ዝገበረ ፡ ናጽነት ዘበሰረ፡ እቲ ድሒሩ መንግሰቲ ዝኾነ፡ ማለት ም኿ኑ ነቶም ሽፈጥቲን ጠላማትን ሓሳዳትን፡ ክበርሃሎም እደሊ። ስለዚ ናይ ሎሚ ፍልጠት ዘይኮነ ካብ ‘ጥንተ-ጥቅምቲ’ዩ ፍልጠትና። መንግስቲ፡ መራሕቱ፡ ተጋደልቱ፡ እቲ ሃገራዊን ሓደን ዘይነጻጸሉ ኢዮም፡። ኣብቲ ጽንኩር ግዜ እንተ ሓሲድኩም እንተ ጎሪሕኩም እንተ ምኽኒት ፈጢርኩም ሽነን/ ሽናዕ ክበሃል ከሎ ጸልማት ዘውግሑ። ኣጸቢቑዶ በሪሂልኩም ደ’ቀሺ!!!!!

ኣተዓሻሽዮሙናን፡ ኣታሊሎምናን፡ ዘይፈልጥናዮም ነይርና፡ ዝብሉ ይጋገዩ ኣለው’ሞ ብፈጣሪኹም ብዛዕባ ነብስኩም፡ ብዛዕባ ገዛእርእስኩም! ብንጽል ተዛረቡ። ትስዕቡኒ’ዶለኹም ደቀ’ሺ። ሕወስውስ ኣይተብልዎ። እቲ ፍልልይ ከም ጻዕዳን ጸሊምን ንጽሩን ድሙቕን ኢዩ።

እቶም ኣዐርዮም ዝፈልጥዎ ግን ምፍላጦም ንረብሐኦም ስለዘይኮነ ንኸይፈልጥዎ ዝመረጹን፡ ብቑል ክይበለ ክምሕውዎን፡ ክምንቑስዎን ነቑሎም ኣይሰለጦምን። ብዓንተብኡ ዝጀመርዎ እከይ ምስኣቶም ኣእዳውኩም ከተርስሑን ታሪኽኩም ከተመራስሑን ኣስዲዐሙኹም ግዲ ኮይኖም፡ ንስኩም እንተተጣዒስኩምን፡ ሓስብኩም እንተቀይርኩምን፡ መራኸቢ ፍትሊ ታትኩም ጠረስረስ ኣቢልኩም እንተበቲኽኩመን፡ ንሕና ገና እታ ፈትሊ ኣይበተኽናያን። ዝገርመኩም ናይቶም ዝበዝሑሞ ከኣ መመሊሳያ ትረጉድ ዘላ።

ንስኻትኩም ትገብርዎን ትብልዎን ትሓልምዎን- ዘይፍታሕ ድኣ’ዩ ኣምበር፡ ስለዝተገንዘቡ፡ ነታ ምስ መንግስቲ ተተኣሳስሮም ዝነበረት ፈትሊ ነብስወከፎም ከክልተ ፈትሊ ወሲኾም ኣርጒዶምን ኣሕዩሎማን ይሓድሩ ኣለዉ። ስለዚ ሕልኮ ክወድያ ዝጀመራ ኣእጋርኩም ክርትም ኢለን ምስተሰብራ ካብ ግዳም ዳናጉ ክትልቕሑ ጥልዕ ጉምብሕ ምባልኩም ነዚ ሓቂ’ዚ ኢዩ ዘረጋግጽን ዘርጉድን።

ኢህን ደቐ’ሺ ተጋግየ ዲየ? ደምኩም’ዶ ፈሊሑ? ክግንፍል እኮ እየ ደልየዮ፡ ፈለኽለኽ ወይ ሽረኽረኽ ክብል። ገና ኣብዘለኹምዎ ነቑዝኩም ከምትተርፉ ፍሉጥ ኢዩ። ግን ዘየለኹም ኣለና ክትብሉናን ንዘይነበረ ህልው፡ ንዝነበሩ ኣይነበሩን፡ ክትብሉ እቲ ድፍረትኩም ሱቕ ኢልና ክንሰምዖ ሕልናና ኣቐንዝዩና’ ታ። ክሳብ መዓስ ብሓሶት ኣኣዛና ክንጸምም። ንመነኦም ወይ ነየኖት ንእመን? ነቲ ንፈልጦ ጽውጽዋይ ጌርም ገንዘብ ክፈልሉ ክብሉና!! እሂ’ቱም ሊቀ-ሊቃውንቲ መዓስ ድኣ ኢኩም ክትጣበቑልናን ከተድሕኑናን?? ኣብየት ወግዒ!!

ስለዚ ነዞም ጠላማት ረሲዕና፡ ግን እንዳስተባሃልና፡ ንቅድሚት ክንጥምትን ይግባእ። ሎሚ ግዜ ስምዒትን፡ ገዛይ-ገዛኻን ኣይኮነን። ጊዜ ኣውራጃይ-ኣውራጃኻን እውን ኣይኮነን፡ ጊዜ ሃይማኖተይ ሃይማኖትካ ድማ ኣይኮነን፡ ጊዜ ብሄረይ-ብሄርካ እውን ኣይኮነን። እዚ ኩሉ ሽሕጣን ኢዩ። ነዛ ንእሽቶይ ውሑድ ህዝባን ኤርትራ ፍጹም ኣየዋጽኣን ኢዩ። ሰልቲ ኣቶም ተጠሚርናን ብሓደ ህርመት ክንምክት ከሎናን ምኽእል ዝሰኣኑና ፋሕ ክንብለሎም ዝመሃዝ ዘሎ ኢዩ።

ግደፍዶ እቶም ሊ,ቃውንቲ ዝብሉስ ነዚ ተንኮል እዚ ኩሉ ዝፈልጡን ዘስተውዕሉን ጉዳይ ክንሱ፡ ነዚ ዘሎ ጸገማት መዝሚዝካ ቀዳምነት ክስራዕ ዝግበኦ ኣዋንዚፍካ ኮለል ምባል ንምትላልና ምዃኑ ክነቅሓሉ ኣሎና። እዚ ኣብ ዘበነ እምኒ ዝተረፈ ኣጽዋር ድሑራት ኮነ ኢሎም ንድሕሪት ክንሱናን ከፋልሱናን ዝሓስቡ ጠላማት ዝጠቀምሉ ስለዘለዉ፡ ክነቕሓሎምን ፎእ ጥራይ ዘኮነ ቓሓርዮም’ሞ ዓኽ ኢልና ትፎእ ንበሎሞ። ናብቲ ፋኖቱራ! ደቐሺ ከይልብዱና።

ሎሚ ግዜ ምስትውዓልን፡ ብንቕሓት ምብዳህን ኢዩ’ሞ፡ ሃየ ንቕሓት ሰኒቕና ጸላእቲ ሃገርና ኣለሊናን መሚናን ክንፈሊ የድልየና ኣሎ። ንገሊኦም ድማ ምፍላጥ ማለት ሰባት እገለ ወዲ እገለ ወዲ ኣውራጃይ፡ ወዲ ዓደይ፡ ወዲ ገዛውተይ፡ ወዲ ከባብየይ ውዘተ ማለት ኢዩ። ንገለ ካኣ ዘመድ-ስጋ ይኸውን።

ሽዕኡ በዚ ዝተላዕጠጡ ኢዮም ንፈልጦ እመስለና ነይሩ ዝብሉን ሕጂ ፍልጠቶም ከምቲ ዝደለይዎ ሰለዘይተገልገልሉን፡ ሓለፋታት ሰለዘይረኸብሉን፡ ስለዘይረብሕሉን፡ ዳንጋ’ቲ ዝፈልጥዎ ሓያል ሰብ ተጸጊዕም ልዕሊ ሰቦም ስለዘይተሻመዉን፡ ስለዘየገዱን፡ ስለዘይረገጹን፡ ስለ-ዒም ዝበለ ይተሓጎም ዘይበሉን፡ ትሕቲ ትጽቢቶም ከም ህዝቦም ብማዕረ መነጸር ስለዝተራእዩን፡ ከም ሰቦም ካብ ኣብ ወንበር ኣብ ዱኳ ኮፍ ስለዝበሉን፡ ካብ ዓራት ናብ ንእዲ ስለዝወረዱን እንተጠለሙ ከመይ ይገርመና።

እዚኦም ከምኦምን ትሕቲ ትጽቢቶም ምስኣጋጠሞም፡ ንፈልጦ መስሉና እምበር ኣይንፈልጦን ነይርና ክብሉና ከመይ ኣቢልና ምስኦም እወ ሓቐኹም ክንብሎም ይጸበዩና። ትማሊ ንሶም በይኖምን ልዕሌናን ዝፈልጥዎ መሲልዎም እንከሎ፡ ከምዘይናትናን ከምዘምልከተናን ንዕላላት ክቕልስዎ፡ ልዕሊ ትጽቢት ኩሉ ፍጡር ሰብ ኣዝዮም ክጽግዑ ፈቲኖም፡ ግዳ ኣይሰለጦምን። ፈጕፊጐም ከውጽኡና ዘይገበርዎ ኣይነበረን። እሞ ሕጂ ከኣ ኣይፈለጥናዮን ጸኒሕና ሰለዚ ንስኻትኩምውን ኣይትፈልጥዎን ኢኹም፡ ምሳና ሓቢርኩም ኮንኑ ክብሉና፡ ማዕረ ክንደይ ንዕቀት ገንፊልዎም ከምዘሎ ዘተዓዛዝብ እዩ።

ስለዚ ገለ ኣኽረርቲ ዝነበሩን ተስፈኦም ዝተጸንቐቕን፡ ትጽቢት ዝነውሐሙን፡ እመት ኢዶም ዘርጊሖም ካብዚ ሕዝእትና ኢዩ፡ ‘ሕዛእቲ በይንና’ ከምዘይበሉን ከምዘይበልናን፡ ቀደም ምዝራብ ዝኸላእናዮምን፡ እንተኺኢሎምን እንተተፈቒድዎምን ከኣ ዳርጋ ካብ ማዕዶን ብማዕዶን ከምዘይነበረን፡ ሎሚ ደሌቶምን፡ ሕልሚ በይኖም ስለዘይሰመረሎም፡ ንጠለባቶም ሐበራዊን ህዝባዊን፡ ሓፈሻዊን ክገብርዎ ምፍታንን ምምስማስን ዘዋጽእ ኮይኑ ረኺበሞ ኣለው። ኣብቲ ወድብ ፖርቲ ስለዝነበረት እሞ ስለዘይነበርካያ ነቲ ውድብ ጨሪሽካ ክትክሕዶን ምስኦም እሕቢሮም ኣይንፈልጣን ነይርናሞ ንዑ ኩላትና ኣይንፈልጣን ነይርና ንብል ክብሉና ጊጋ ኢዩ። በይኖም ኣይንፈልጦን ነይና ይበሉ። ንሱ መባእታዊ መሰሎም ኢዩ።

ፍልጠት ገደብ የብሉን። ከምቲ ልሙድ ኣዘራርባና ኣብ ‘ልቢ’ ሰብ ዘሎ ኣይንፈልጦን ኢና፡ ተግባሩ እምበር። ኢሳያስ እንታይ ይሓስብ ኣይፈለጥናዮን ነይርና/ ኣይንፈልጦን ኢና፡ ዝብሉ፡ ማራዶ ረቐቕና ዝሰብእይ፡ ከም ንፋስ ሽውሽው ኮይኑ። ነረክብ ኣቱም ሰባት ንስዓብ። ናቱስ ይጽነሓልና ሕጂ ኣነ እንታይ ይሓስብ ዝፈልጥ ኣሎ’ድዩ? እንታይ እዩ ጽግምኩም? ኣበየናይ ኩርናዕ ዓለም እዩ ኩሉ ውድብ ይኹን መንግስት ዝፈልጥ?

ውድብ መራሕቱ ምስ መረጸ እቶም መራሕቱ ብዝመስሎምን ብዓቕሞምን ክመርሕዎን ከከም ኩነታቱ ከዐውተና ይኽእል ኢዩ ዝብልዎ ክሕንጽጹን ክትልሙን ግድን ኢዩ። ንሶም ዝፈልጥዎ ኩሉ ሓፋሽ ዋላውን እቲ ተጋዳላይ ክፈልጦ ከመይ ንጽበ። ዘዝምልከቶን ንዝምልከቶን ከከም ኩነታቱን ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ይሕበር። ፓርቲ ድማ በቲ ሽዕኡ እቲ እዋኑን ጊዜኡን ኢዩ ዝነበረ። ኣብ ጀብሃ ለይበር ነይራ ኣብ ሻዓብያ ከኣ ከምኡ።

ስለዚ ከመይ ኢዩ ኩሉ ኢሳያስ ዝገበሮ ወይ ኣብ ህ.ግ ዝተፈጸመ ሎሚ ሃንደብትን ኩሉ ጊጋን ጥራይ ኮይኑን ብመጻሓፍቲ ተተሓቲሙ ዝሸየጥ ዘሎን። ብመራኸቢ ብዙሃን ዋጭዋጭ ዝበሃለሉን? እንታይ ንምርካብ ኢዩ? ኢልና ንሕሰብ ደቀሺ! እንታይ ንምርካብ!! መጽሓፍ ኣይጸሓፍ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ግደፍ’ዶ ብዛዕባ ኢሳያስ ብዛዕባ ካልኦት፡ ንእሽቶይ ታሪኽ ዝገበሩን’ውን ተጻሒፉን ገና ክጸሓፍን ኢዩ። ግን ስለምንታይ ክፉእ ጥራይ። እዚ ሰብ ክፉእ ጥራይ ዲዩ ገይሩ?? ብሓቂ!! ሃየንታ ድኣ ከይወርደና!!

ትማሊ ወዲ 21 ዓመት ክወፍር ከሎ ሲኣይኤ መልሚሎም ዘውፈርዎ ተነጊርና። ከመይ ኣቢሉድኣ ናጽነት ኣሚጺኡ ዝበለ ሓታቲ ኣይተረኽበን። ኣመሪካ ኤርትራ ናጽነታ ኣይግባኣን ኢዩ ኢላ ናብ ኣርዑት መግዛእቲ ንዝቕረነታ ሃገርሲ ሓደ መንቋሕቋሕታ ዘለዎ ሰብ መልሚላ ንዓ ናጽነቶም ኣውህቦም ኢላቶ፡ ይዓጅብ ኢዩ።

ከምቲ ትብልዎ ንጀብሃ ከጥፍእን ንደቀባት ከጥፍእንዩ እንተኢልና፡ ከምኡ ምስገበረ፡ ስለምንታይ ንኢትዮጵያን ንለኣኽቱን ከምዝጥዕም ድኣ ዘይገበረ? ኣብ ከንያን ኣትላንታን ዝርርብ ክግበር ከሎ ምስቶም ለኣኽቱ ተመሳጢሩ ነቶም ለአኽቱ ብዘርብሕ ከተግብር ነይርዎ። እቲ ባዕሉ ዝፈጠራ ውድብ ከምድላዩ ዝቖጻጸራን ዝዝውራን ድኣ መን ከልከሎ? ንዝደለዮ ዝቕንጽል፡ ዝኣስር፡ ዘሕቅቕ፡ ንመን ፈሪሑ ናጽነት ሒዙ ኢትዩ። ኤርትራ ናጻ ምኳና ንኢትዮጵያውያን ኣየሐጎሶምን ነይሩ። እቶም ካልኦትውን ዳርጋ ባሓይሊን ከይፈተውን'ዮም ዊሒጠሞ። በቲ ኣዘራርባ ኣዴታት ደ'ቀሺ ንእሽቶ 'ልቢ' ግበሩ!! ክሳብ መዓስ ክንታለልን ክንዕሾ!!

ጸገምና ግርህነትና ኢዩ። ኩሉ ዓይነት ግርህነት። ዝያዳ ግን ፖለቲካዊ ግርህና። ገለ ፍላስፋታታ ፖለቲካ በሃልቲን፡ ሊቃውንቲን ካድረታትን ደፈርካና ከይብሉኒ እንዳተማሕጸንኩ፡ ከም ዝመስለኒ ኣብዛሓና 'ፖለቲካ ዘይንፈልጣ' ክንስና ንፈልጣ ስለዝመስለና ብዙሕ ንጋገ ኢና። ኤረ ጌለናስ ኣዝና ንፈልጣ፡ ሓይኽና ዝወሓጥናያ ኢዩ ዝመሰለና። ፍልጠት ገደብ የብሉን። እዚ ሓፈሻዊ ኢዩ። ፍልጠት ብብዙሕ መገዲ ይውህለልን ይርከብን። ብተመኩሮ፡ ብትምህርቲ ወዘተ።

እቶም ሊቃውንትና ዝተመረቐሉ ዓውዲ ንድሕሪት ገዲፎም ሃገር ብምሁራት ኢያ ትምራሕ እንዳበሉ ከጽድፉና ትም ክንብልን ንሰኹም ትፈልጡ ኢልና ክንለምስን ግድን ኣይኮነን። ንሳቶም ኣብቲ ዝተመረቅሉን፡ ዘጽንዕዎን፡ ዝተፈላሰፍሉን ከም ድሌቶም ይዓንድርሉ። ኩሉ ሃሁ ዝቆጸረን ፒሮ ኣብ ጅባኡ ዝሰኹዐን፡ ምሁራትን ለባማትን ኢኹም እንዳበልና ኢድና ክንህብን መደያይቦ ንወልቃዊ ጠቅሚ ክንክወን ግን ኣይግባእን።

ከም ዓውዲ መኼዳ ወይ ከም ዝሳሓወ ግራት ክንጠቕጡቑና ክንገድፎም ሕልናና ክውቅሰና ክነብር ኢዩ። ሕቶ ዘድልዮ ንሕተት። መልሲ ዘድልዮ ንመልስ። ካብትን ካብትን ለቃቂሞም ዘምጽእዎ ንሶም ይፈልጡ ክንብል ኣየጸብቀልናን ኢዩ። ኣየዋጸኣናን ድማ። ኢሳያስ ምሁራት ኣይፈቱን እዩ። መኮነን ከኣ ናቱ ኩርኩር። ኣብየት ወግዒ! እንዳፈራራህካ ንሰባት ከም ዝደኑን ሱቕ ኢሎም ሰማዕቲ ምግባርም ብጽዕቕ ኢዩ ዝሰረሓሉ ዘሎ። ምስላ ኣቦታትኩም ዘክሩ ደቀሺ። ገለ ምስላ ከምቲ ልሙድ ኣዘራርባና ኣባይታ ዘይወድቕ ኢዩ። ቀደም ስሚዕናዮም እንተንነብር እታ ሃገር ከም ሃገር ኣይምነበረትን።

ሓደ ዓርከይ ዘዕለለኒ ሓቀኛ ታሪኽ፡ ኣብ 1978 ኣብ ሳዋ ጀብሃ ከይወጸትን ዘጋጠመ ኢዩ። ናይቲ መዓስከር ሓላፊ ሕሻል ኢዩ ዝበሃል ዝነበረ። ብዕደመ ክሳብ ሕጂ ዝህሉ ኣይመስለንን። ስለዚ ይቕረታ እገብር ንሓደ ክከላኸል ዘይክእል ምልዓለይ። እንተኾነ ናይ ኣምላኽ ነገር ኣይፍለጥን ኢዩሞ ይህሉውን ይኸውን። ከምኡ እንተኾይኑ ኣዝዩ ኣሪጉን ክዝክርውን ዝኽእል ኣይመስለንን። ብዝኾነ ታሪኽ

ኣየናሕስን ኢዩ። ከተጋንኖን ክትጽይቖን ክትልውጦን ከተክፍእን ኢልካ ምብጋስ ግን ጌጋ ኢዩ። ናብእቲ ቁምነገር ንመለስ። ኩሎም ተገፊፎም ዝመጹ ተዓላሞ ስለዝነበሩ ብዙሕ ጸገማት ነይሩ ኢዩ።

ሓደ ዕለት ኣብ ኣኼባ ከምዚ በሎም። ......ካብ ዓስራይ ንላዕሊ ዝተመሃርኩም ሓፍ በሉ በሎም። ሓፍ በሎሞ ኣዝዮም ውሑዳት ነበሩ፡ በጻብዕ ዝቑጸሩ። ኮፍ ክብሉ ኣዚዙ ካብ ታሻዓይ ንታሕቲ ክሳብ 6ይ ሓፍ ክብሉ ኣዘዞም። ከምዝተእዘዝዎ ገበሩሞ ዝብዝሑ ካብቲ እኼበኛ ነበሩ። ሕሻል ኣይግዳዱ፡ ካብ ኮፍ ዝበሎ ተሲኡ ንኩላቶም ብዓይኑ እንዳኮለለን ናብእቶም እንዳመልከተን ንዓኻትኩም ጀብሃ ክምዝ ገይራ ከይትበሃል እምበር ምርሻንኩም ኢዩ ነይሩ በሎም። ቁጣዐኡ ገንፊልዎ ኢዩ፡ ዝመስል ነይሩ። ከምኡ ምባሉን ስለምንታይ ግን ንኹሎም ኢዩ ደንጺይዎምን ኣርሚምዎምን።

እቲ ምፍታሕ ግድል ንዓኻትኩም እገድፈልኩም። ግን ምስጋና ነዚ መንግስቲ፡ ብፍላይ እቶም ካብኡ ዝረባሕኩም፡ ነነብስና ዘኽእልን ናይ ካልኦት ክንመሚ ዘኽእል ኣፍልጦስ ኣለና'ሞ ከምቲ ንሕሻል ዘስገኦ ንጠቐመሉ። ዓመጽያን፡ ተበለጽቲ፡ ዓሌታውያን፡ ኮታ ወከልቲ ኩሉ ዓይነት ምድሕርሓር ንቕሓትን ፍልጠትን ጸላኢቶም ኢያ። ድንቁርናን ብፍላይ ድማ ፖለቲካዊ ድንቁርና መባልዕቶም ኢዩ። ከም ባክተርያ ኣብቲ ጸላማት ኢዮም ዝፈትዉ'ሞ ከም መጽዓኛ ጥረምረ ቀሪቦም ክሳብ ዝጽዕኑና ክንጽበን ንሳቶም ይፈልጡ እንዳበልና ከይንግራህን ከዘካክረኩም እፈቱ። ክንደይ ግዜ ንሳቶም ይፈልጡ እንዳበልና ክንግራህ። ንሳቶም ይፈልጡ ተባሂሉ ተገዲፉ ተዝኸውን ብዙሕ መጥፋእና ነይርና። ምናልባት ብቕንዕና ክቕልሱና ተኺኢሎም ግን ሃገርን ህዝብን ምረብሑ።

ሕጂውን ድፍረት ከይመስል እንዳተሓሳሰብኩ፡ ናይ መብዛሕትና ፖለትካዊ ፍለጠት ሊቓሕ ኢዩ ዝነበረን ምናልባትውን ዘሎን። ልቃሕ ብልቅሑ ዘይተጻረየን ንውሱን ዕላማ ከገልግልን ዝተዋደደ። እቶም ኣለቃሕቲ እቶም ካድረታትና ኢዮም፡ ዝነበሩን ገና ዘለውን። እቲ ልቓሕ ወለድ ኣይነበሮን፡ ልዕሊ ወለድን ካብኡ ዝኸፍእን ግን ጸቢብን ንውሱን ዕላማ ዘገልግልን ኢዩ ዝነበረ።

መጀመርያ ኣብ ክንዲ ሃገራዊ ፍቕሪ ውድባዊ ፍቕሪን ጸጊዕነት ይኹስኩስ። ድሕሪኡ'ዩ ብዛዕባ ሃገር ዝስዕብ። ምምንጣል ኣይንፍቶ ዝግ ኢልኩም ሕሰቡ። ክንወፍር ከለና ንውድብ ዘይኮናስ ንሃገርና ናጽነት ከነውጽእ ኢና ወፊርና ዲኹም ክትብሉ ደሊኹም። ብርግጽ ከምኡ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ግን ከምኡ እንተኾይኑ እቲ ዝሰዓበ ህውተታታን ምትህንኳትን'ድኣ መኮነን ዲዩ ኣሳዊርዎን ምህዝዎን። ንጹህ ሓንጎል ኣበይ ከምዝተበከለ እንተዘይፈሊጥናን ገና ዘይተረደኣናን ደቂስና ኢና ዘሎና። ንዑደኣ ሎምስ ዝሓለፈ ገምጊምናን ነነብስና ነቐፍናን ዝጐሓፍ ጕሒፍና

እቲ ንመጻኢ ከም ህዝብን ሃገርን ብሓባር ተኸኣኢልና፡ ተሓቛቚፍና ተጣሚርናን ክንብረና ዝኽእለና ንምሃዝ።

ገና ‘ሓመድ እንዳጣሓንኩ’ ከለኹ፡ ኣነ ቅኑዕ ንስኻባ ክትበሃሃሉ ከለኹምሲ ብዛዓባ ሃገር ዲኹም ትሕለቑ ነይርኩም ብዛዕባ መን ስልጣን ሓዘ? ካብ ውደብ ናብ ውድባት ክትዳቐቑን ክትፍተትን ከለኹም ብሓቂ ምእንቲ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ኢዩ ነይሩ ዶ ትብሉ። 50 ዓመታት ሓሊፉ ነዚ ሓቂ’ዚውን ተመሊስኩም እንታይ ኢና ንገብር ነይርና ኣይትብሉን ኢኹም። ገና ካብ ሶፋ ኣመሪካን ኤውሮጳን ኣራጢጥኩም ኮፍ ኢልኩም ሎሚ ኣበየናይ ጽፍሒ ናይቲ መንግስቲ ኮን ምሃለኹ? ወይ ኣብታ ኣስካላ ስልጣን ክንደይ ደይበ’ኮን ምነበርኩ ክትብሉ ስሚዕታትኩምን ጣዕሳኹምን ሕርቃንኩምን እንኮላይ ሕሸኹትኡ ኣብ ኣእዛን ኩላትና የቓልሕ ኣሎ። ሎሚ ኣጸቢቕና ተፋሊጥና ኢና።

ንሱ ካኣ’ዩ ዘሕርቐናን ዘነድረናን ዘሎ። ህርፋን ንስልጣን። ቅድድም ኣብ ርእሲ ህዝቢ ሸሸይ ንምባል። ነጻብራቕ ናይቲ ሽዕኡ ዝነበረ ገና እዚ ሕጂ ንርኦ ዘለና 30ታት ጉጅለታት። ገና ጽብሕጽባሕ ብዘይእንቌቚሖ ተጫጭሖን ዝሓድራ ጉጅለታት ንርኢ ዘሎና። ኣብ ታርኽ ናይ ኤርትራ ጥራይ ክኸወን ኣለዎ ብዘይመደብን ዕላማን ከይተጠንሳ ክንዲዚ ዝኣክላ ቁጽርጻራት ወይ ጉጂለታት ተጫጭሖን ዘለዋ። ብጥሪኣ ኣይትውሰድዋ። ቅለውዋ ምሕያኻ ክትጥዕመኩምን ክትቑርጠመልኩምን። ህድእ ኢልኩም ተገንዘቡ። ዝጥነስ እንስሳ’ምበር ጉጅለታት ድኣ ከመይ ኣቢሉ ኣይትበሉ።

ነገራት ቅድሚ ምትግባሮም ይጥነሱ ኢዮም። እቲ ጥንሲ ኣብ ሓንጐል ይጅምር፡ ሓሳብ ወይ ራኢ ይበሃል፡ ብሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ የበግስዎ። ንዝመስልዎም የካፍልዎ። ተቛጺሮም ግዜ ሂቦም የርቅቕዎ፡ የጻፍፍዎ። ናብ ግብሪ ክልውጥዎ ይነቕሉ። እቲ ግብሪ ማለት እቲ ሓሳብ ዓዳጊ የናድይሉ። ነቲ ዓዳጋይ፡ ኣብ ፖለቲካን ብፖለትካን እቲ ሓፋሽ ኢዩ ዝኸውን። ሰለምንታይን ንምንታይን ክሸጥሉ ከምዝደልዩን የረድእዎን የዕግብዎን። ምኽንያቱ ዝኸፈል ገንዘብ ንዘይብሉ ጻዕሪ ስለዝሓትት። ንእከይ ስራሕ እንተኾይኑ ናይ ገንዘብ ዕሱባት የናድዩ። ሰሱሳዓቶም ይእከቡ።

ታሪኽ ከም ዘረጋግጾ ሓፋሽ ኣንጻር ርብሕኡ ግትር ይብል ኢዩ። ኣብ ማእከሉ ኮይኖም ሓለይቲ መሲሎም ዘተላልዎ ስለዘለዉ። በቲ ቅንዕንኡ እንተተዓዚብናዮ፡ እቲ ህዝቢ ዘርብሖ እንተኾይኑ ይሻየጦ። ይዕድጎ። ሓንጐፋይ ኢሉ ይቕበሎ። ዘየዋጽኦ እንተኾይኑ ይፍተሓላ ይብል። ኣብ ግዜኹም፡ ተረዳዲእና ኣለና ከይትሃድሙ፡ ይፍተሓላ ምባል ኣይተዋጽእን ኢያ’ኮ ነይራ። ኣይትፍቀድን ኢያ ነይራ። ኢሂን ረሲዒኩምዎ ዲኩም? ብጸጋም ብረት ዓቲሮም ብየማን ጓመድ

እንዳዋጣወጡ እቲ ናትና እንታይ ምስኮነካ ኢኻ ካብቶም ካልኦት ክትዕድግ ትደሊ? ዝበሉናን ዝሃደዱናን ዘፈራርሑናን ኣበይ ኣልዉ ሎሚ? ገና ካብ ስግር ብሕሪ ኮይኖም ክሕንሕኑ ንስምዖም ኣሎና። እቶም ንፈልጦምን ግደፍ ክንሪኦም ድምጾም ብማዕዶ'ውን ከም ቀዝሕ ኢዩ ዘሸቑርረና። መሰል ናይ ምሻጥ'ምበር መሰል ናይ ምሽያጥን ምውጋይን ዘይፍቀዶ ጊዜ ተመሊስኩም እሞ ዘክርዎ ደቀ'ሺ!!! እዝግዮ መሃረነ!!!

ሎሚውን እኮ ኣብ 'ዓዲ ዲሞክራሲ' ኮይንኩም ትጽሕፍዎን ትምድርዎን ምልክት ስብኣውነት የብልኩምን። እታ ንጣበቐላ ኣሎና ትብልዋ ኣብዚ ደገ'ውን ኣይትፍቀድን እኮ ኢያ ዘላ። ደቀ'ሺ!!! "ሞት ክናና እሙት እንዳበልካ" ብዛዓብ ዲሞክራሲ እየ ዝሕለቅን ዝጣበቅን ምባልሲ ንዕቀትዶ ኣይቁጸርን። እታ ዲሞክራሲ ትብልዋ ኣብ ግዜኹም ይኹን ሎሚ ካብ መዝገበ ቃላትኩም ተሓኺኻ ኢያ ነይራ ዘላን። እቶም ሽዕኡ ዝሓኸኽዋ እዞም ኣብ መቐለ ዝወጠጢዩ ዘለው፡ ኣቦታቶም ተጣዒሾም ቀዳዲዶም ዝጓሓፍዋ ካባ ኣንድነት መን ይውረሳ ክመናጠሉላን፡ ክዋጠጡን ክበኣሱላን እኳ ዘሕፍሮም ኣይመስለንን። ንበይኖም ክትወሃቦም ነቶም ዝዕድልዎምን ክዕድልዎምን ጉንብሕ ጥልዕ ክሰግዱሎም ንዕዘብ ኣሎና።

እሞ ሎሚኸ ካብ መን ኢና ክንሻየጥን ክንዋገን ንደሊ ዘሎና? እቶም ትማሊ 'ማይ ጠስሚ'ዩ' ኢሎም ዝሸጡልና፡ ሎሚ ተናሲሆምዮም ክትብሉዶ ትኽእሉ? እንድዒ። ዝገደደ ኢና ንርኢ ዘሎና። ናይ ኣቦኻ ኢኻ ትወርስ እሞ እቶም ወሪስና ዝበሉና ሓቂ መሲሉና ወሪሶም ዝመሰለናን እኳ፡ ዘገርም እዩ፡ ሓደሓደስ ጭራ እቶም ጠላማት ሒዚም ንዕዘብ ኣሎና። ቆልዓ ከምዝኮስኮስካዮ ኢዩ ዝበሃል ዝነበረ። ገሊኦም ግን ታሪኽ ወለዶምን ኣሕዋቶምን እቲ ታሪኽ ጅግንነት ነጺጎም ሕፍርት ክሸጡን ኣብ ቦታ ጸላኢ ከይዶም መዓስ ኢኹም ነዚ መንግስቲ ከተልግሱልና ኢሎም ተደቢሮም ክልምኑን። መስደምም ኢዩ።

ገሊእቶም ድማ ዓለም ምጥፋእ ሲኢናቶ ዋጭዋጭ ኣናበለትሲ መንግስቲ ዝረኣየ ዓይኑ ትብራህ? ኣብዝጥዕመካ ትርእዮን ብስእሊ ኣሰኒኻ ንፈልጥ ኢና ኣበይ ከምዝውዕል ክትብል ክምዘይጸናሕካ፡ ቅንይ ኢልካ ክትደሊ ከለኻ ትስእኖን ዘይትርእዮን ከተምስልን ድማ ፍትሒ ኣይመስለንን። ብርግጽ ናይ ገለ ንጽቡቕን ንምዕራይን፡ እሞ ድማ ብማዕዶ ኮይንካ ቀሊል ኮይኑ ስለዝስመዓካን ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ግን ከምኡ ዲዩ? ክሳብ ክንድኡ የዋሃት ክኾኑ ዘይሕሰብ ኢዩ።

እቱም ሰባት ዓው ወይ ዋዕ ኢልና ኣሎ እቲ መንግስቲ ንበል። ኩሉ ዘዝጥዕማ ቃላት ተጠቒማ ደጊማ ደጋጊማ ይርእዮ ኣለኹ እቲ መንግስቲ ትበልን ኣለኹ ምስ መንግስተይ ንበልን። በሉ'ታ ከምኡ ንበል።

ብጀካ እዚ ዘሎ መንግስቲ ካልእ መንግስቲ’ዶ ኣለና ኢዩ። እቲ ብደምን ኣዕጽምትን ኣሕዋትኩም ዝተነድቐ መንግስቲ። እሞ የለን እንዳበልኹም ብጩቕ ዝብል ክሰኣን። ኩላ ድያ ስረኣ ኣውጺኣ? ዶስ ዘረባ ትርጉም የብሉን ሓሲብኩም። ወይስ ዝበሉ ይበሉ ዲሞክራስያዊ መሰሎም ኢዩ ኢልኩም ኢኹም? ኣገንዑ ምጽውዋር ሓደ ካብቲ ከነማዕብሎን ክንኩስኩሶን ዘሎና ኢዩ። የግዳስ ሓሶት ተተደጋጊሙ ሓቂ ክመሰል ይኽእል ኢዩ። እሞ ጥረ ሓሶት ለይሶም፡ ዘይበስል ሓሶት ሰንኪቶም ንዑ ብልዑዎ ተበሉናስ ስኒናን ምንጋጋናን ረብሪቡስ ክሳብ ዝታሞም ስቕ ኢልና ንሕየኮ። እቲ መሰል ደረት ምስዝሓልፍን፡ ሃገርን ህዝብን እሕሊፉ ዝህብን፡ ንመሰረታዊ ህላዌና ዝጠልም ዝጻባእን ክኸወን ከሎስ ካልኦት ይግበርዎ ከይበልና ንበዳሃዮ ድኣ፡ ሓቀይ’ዶ ደቀሺ።

ብርግጽ ጸገም ኣሎ ግን ክሓልፍ ኢዩ። እቱም ሰባት እቲ ናይ ትማሊ እኳ ተሓሊፉ። ጸጊሙናን ሓሲሙናን፡ ጠሚና፡ ዓሪቕና፡ ጸሚእና፡ ኮርኲሑና፡ ተውጊእና፡ ሰንኪልና፡ ለሚስና ዘንጊዕና፡ ነዊሑና፡ ኣይከውንን ኢዩ፡ ውሒድና፡ ረዳት ስኢና፡ ዘራይ ዘይብልና፡ ዘብርየና ደሊና፡ እወ እተን እሓትና ድማ እቲ ናይ በይነን ጸገም ኣይጸብጸባን -ሞደስ ስእና ሙታንታ ዘይብልና ምስ ሰብኡት ኣብ ሐደ ጉድጓድ ወዘተ መልኡ እስከ። ሓሓደ ቃል ወስኹ። ኣይበሉን እቶም ዝበሉ እንታይ ፍታሕ ክምዝወሰዱ ፍሉጥ ኢዩ። ኩሉ ተጻዊሮምን ተጸሚሞምን ኣብዚ በጺሕና። እቲ መጻኢና ባዕልና መዐንቀፊን መሕለኸን እንተዘጌርናሉ ብሩህን ትስፍውን ኢዩ ዘሎ። ኩልና ንቕድሚት ንጠምት።

ይቕጽል

ዓወት ንሓፋሽ

መኮነን ዓንተራይ ( Mekonen Anteray)